ሰንደቅ ኤርትራ

መበል 28 ዓመት ቁ.237 | ሰሉስ 4 ሰነ 2019 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ጽልዋ ቁጥዐ ኣብ ስድራቤት

ገጽ 5
ክዋኽብቲ ቀትሪ

ገጽ 6
መዓልቲ - ሪሳማርቲያ ክልያናማ!

ገጽ 8
ዕዮን ዓያይነትን ኣብ . . .

ገጽ 9
ስፖርታዊ ንጥፈታት ተመሃሮ ዞባ ማእከል ተዛዚሙ

ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ በዓል ናጽነቶም ይጽምብሉ

ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ነበርቲ ከሰላ - ሱዳን ፈጽሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሱዳን ኣቶ ኢብራሂም እድረሰን ኣመሓዳሪ ዞባ ከሰላ ሜጀር ጀነራል ማሕሙድ ባክር ኣብ ዝተረኽበሉ፡ ብ28 ግንቦት በዓል ናጽነት ብልዑል መንፈስ ጸምብሉ ኣሎ።

ኣብቲ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ዝተሳተፍዎ ጸምብል፡ ኣቶ ኢብራሂም - ናይ ሉሚ ዓመት በዓል ናጽነት፡ ኣብ ትሰፍው መድረኽ ደቡዕል ምህላው፡ ፍሉይ መቐረት ከምዝሃለዎ ብምጥቃስ፡ ሽርክነታዊ ጸምዶን ምትሕግባዝን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምዕባይን ርግኣት ዝሰፈኖ ጎዳቦ ንምህናጽን ዝተጀመረ ገስጊ ብዝሰዐለ ክስራሕሉ ምኻኑ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ከሰላ - ሱዳን ሜጀር ጀነራል ማሕሙድ ባክር፡ ኣብ ጸምብል ናጽነት ኤርትራ ምህላፉ ዝተሰመየ ሓጎን ድሕሪ ምምጽኣ፡ በዚ ተኸሲቱ ዘሎ ሓደጋ ትሰፍውን መዋእል፡ ታሪኻውን ህዝባውን ሕውነታዊ ዝምድናታት ኤርትራን ሱዳንን ንምድልዳልን ንምምዕባልን ከምዝሰርሕ ኣረጋጊጹ።

ከሰላ

እዚ ከምዚ ኣሉ እኳ፡ ንኣስታት ሓደ ዓመትን መሓረቕን ስራሕ ኣቋሪጹ ዝሰበረ በትጽሕፈት ማሕበራ ከምኡ ኣርትራውያን ነበርቲ ከሰላ ኣብቲ ዕለት ዳግም ተኸፊቱ ስራዕ ንጥፈታቱ ከምዝጀመረ ተፈሊጡ።

ብቕልእ ወገኑ ኤርትራውያን ነበርቲ ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ከምኡ'ውን ኢታዋ - ካናዳ በዓል ናጽነቶም ብልዑል መንፈስ ጸምብሉ ኣሎ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣቶ ሳልሕ ዑመር፡ ጸምብል ናጽነት ከኖ ድግስ - መብጽዓና ንትግቢ ሕድሪ ሰማእታት እኳ ሕድሪ ሰሚኦ ክስራሕ ከምዝኽእሎ ገሊጾ ኣሎ ክኸውን ከምዝኽእሉ ኣፕዝሐቡ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ብሪጣንያ፡ ኡጋንዳን ፈረንሳን ኣብ ኩነታት ሃገር ዘትዮም

ለንደን

ኤርትራውያን ነበርቲ ለንደን - ግቢ ብሪጣንያ፡ ናይ፡ ሬዛ ኤንጀንን - ፈረንሳ ካምፓላን ነበበአን - ኡጋንዳ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርምን ዞባዊ ምዕባለታትን ዘዘተዮም።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ግቢ ብሪጣንያ ሶሚን ኣየርላንድን ኣቶ ኢስቲፋኖስ ሃብተማርያም ብ1 ሰሉ ኣብ ለንደን ኣብ ዝገበሮ ሶሚናር፡ ኣብዚ ተኣተዩ ዘሎ ትሰፍው መድረኽ ኣብ ምምዕባል ዋቕሚ ሰብ ሕርሻ ጥዕና፡ ትምህርትን ምምዕባል ትሕተ-ቅርጽን ተታሒዝም ዘሎው መደባት ዝርዝራዊ መብርሂ ሂቡ።

ዝ. ብቕንኡ ፍረ መሳዋእትን ተወፋይትን ህዝቢ ኤርትራ ዝኸፍሎ ትሰፍው መድረኽ ናብ ናይ መወዳእታ ሽዩኡ ንምብጻሕ ንቕላት ብምብራኽን ውዳቤታት ብምስጣምን ክስራሕ ከምዘለዎ ድማ ኣፕዝሐቡ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ፈረንሳ ወደዝሮ ሃና ሶምኦ፡ ንኤርትራውያን ነበርቲ ከተማታት ናንት፡ ሬዛን ኤንጀን ብ1 ሰሉ ኣብ ዝገበረቶ ሶሚናር፡ ኣብ መደባት ሃገራዊ ልምዓት ከምኡ'ውን ሰላምን ሽርክነትን ኣብ መንነ ሃገራት ዞባና ዝዩዳ ንምዕዝዝ ኣብ ዝሰፈሰሉ ዘሎው መደባት መብርሂ ሂቡ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኡጋንዳ ኣቶ መሓመድ ሰሊማን፡ ህዝቢ ኤርትራን መራሕቱን ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ዝርኣዮም ጽኑዕን ዓቃልን መኸተ ድሕሪ ምዝራር፡ እዚ ባህልን ክብርታትን፡ ሪኢና ንምሜባጥ ወሲ መሪሕ ምንጊ ኣሎ ምዃኑ ኣሎሚ ገሊሉ።

ሓበሬታ

ሉሚ ሰሉስ 4 ሰነ ዒድ ኣልፈጥር እዩ።

በዚ ምኽንያት፡ ሉሚን ጸባሕን ህዝባዊ በዓል እዩ።

ርሑስ ዒድ ኣልፈጥር!

ባረንቱ - ሰራሕተኛታት ትካላት ኣገልግሎት ኣስተምህሮ ተዋሂቡዎም

ስ/ኢብራሂም ዓሊ

ብምወላህዳድ ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ጋሽባርኒን ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና'ቲ ዞባኡ ኣብ ትካላት መሓብቲ ኣገልግሎት ንዘሰርሑ ሰራሕተኛታት፣ ኣብ ምቁጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ኣተሓሕዝ ተኣንገድትን ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣብቲ ካብ 29 ክሳብ 31 ግንቦት ኣብ ባረንቱ ዝተዋህበ ስልጠና፣ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ኣሃዱ ገሰጋሰን ሓበሬታን ኣቶ ሱልጣን ሓንሳ ኣብ ትካላት መሓብቲ ኣገልግሎት ዝተዋፈሩ ሰራሕተኛታት፣ ባህሪ ስርሖም ኣብ ግምት ብምእታው፣ ዝያዳ ጥንቃቐ ከዘወትሩን ኣብ ምክልኻል'ቶም ሕማማት ግቡእ ተራኦም ክፈጽሙ'ኳ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ጨንፈር ክኢላ ምክትታል ሕማም ዓቢይ-ሰዓል ኣቶ ሰመረ ፍስሃ እውን ኮቲ ሕማም ንምቁጽጻር ኣብ ዝኾደድ ዘሎ ጻዕሪ ሽለልትኦትን ግቡይ መረዳእታን እየም ቀንዲ ብድህታት ምኳናም ገለጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ጋሽባርኒ ኮሎኔል ሓምድ ዩሱፍ፣ ኣብ ትካላት መሓብቲ ኣገልግሎት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ብሓደ መዳይ ዕግበት ዎሞዐል ንምምላእ፣ ብኻልእ ሽነኽ ደማ ጥዕናኦምን ጥዕና ተኣንገድትን ንምሕላው ዝለዓለ ሓላፍነት ከሕልሙ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ኩሉ ባረንቱ ሆቴላትን መዕረፊ ኢጋይሽን፣ ኣብዩተ-መግብን መሳተን፣ ኣብዩተ-ቁርሲ፣ ኣብዩተ-መስተን ፋስትፋድን ዘጠቓልላ ኣስታት 140 ትካላት መሓብቲ ኣገልግሎት ኣለዋ።

ድባርዋ - መንእሰያት ብዝተፈላለየ ሞያ ሰልጢኖም

ኣብ ኩሉ ድባርዋ፣ ንልዕሊ ሰለስተ ኣዋርሕ ብዘተፈላለየ ሞያ ዝሰልጠኑ 135 መንእሰያት ተመርቕዎ።

ብ29 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ሰሙ ስርዓት፣ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ፍረወንገል ተኽለሃይማኖት፣ ዕላማ'ቲ ስልጠና፣ መንእሰያት ሞያ ኣጥርየዎም መሰብሮኦም ዝመርሑሉን መጻኢኦም ዘጣዮሑሉን ዕድላት ንምፍጣር ብምኻኑ ሰልጠንቲ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ብምጥቀም ክሳራሑሉን ንክብኦም ኣብቦት ክኾኑን ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ መንእሰይ ግርማይ ጉብሩ ብወኪሉ ሰልጠንቲ ብዝተማህሮዎ ሞያ ክሳርሑን ፈጠርቲ ሰራሕ ክኾኑ ናይ ልቓሕ ዕድል ተኸፊቱሎም ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቁ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቁ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ፡ 127749 - ቁ.ሳ.ጽ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳ.ጽ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ሊድያ ስልጣን

ኣመሓዳሪ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ፣ ምስ ነበርቲ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ ዘትዩ

ኣመሓዳሪ ዞባ ሶሜኻዊ ቀይሕ ባሕሪ ብሪጋዲር ጀነራል ተኽለ ልብኡ፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ - ምምሕዳሪት ነበ.ቡዕ ዳንዲጌ ኣልሓሪንጋ፣ እንገልዕለን ሽጀለን ንዘርኒብ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ድሕሪ ምብጻሕ፣ምስ ሓለፍቲ ተን ትካላት፣ኣመሓዳርቲ ነበርን ወከልቲ ህዝቢን ርኺቡ ኣቢዱ።

ንክቲታት ትካላት ትምህርቲን ጥዕናን ምምሕዳር ነበ.ቡዕ ኣብ ዝዘግዝኦ፣ ብሪጋዲር ጀነራል ተኽለ ልብኡ፣ ሕጽረታተን ንምምላእ ዝጠለብ ክኢ ክ ኣ ብ ዝ ኾ ነ ኣ ስ ኮ ሎ ኣ ስ ኮ ሎ ዞባ ገልዓሎ ድቡ ክዝርን ምስ ዝምልከተ ኣስኣት ተወሃቡ ፍታሓት ከፍዲን ምኳኑ ገለጹ።

ጽቦጭ ብምልኡ ኣብ ሓደ ግዜ ክፍታሕ ዝኽእል ነዋህዊ ነም ቀዋሚ ተዋቒሑ እምጥር፣ ኣብ ቀረብ መጻኢ ኣብ ኢንገል ዘመናዊ ህጻጽ ሜኽሊዩ ደረጃ ቤትጥምህርቲ ክህጽ፣ ነዋኢ'ውን ምጌጋ ጸሃይ ሚዩ ንምውሓስን ጉዳይ መጻዝዩ ንምቅላልን ክሳራሕ ምኳኑ ሓቢሩ።

ነበርቲ ንደቆም ካሳቦ'ቲ ዝሰዓለ ደረጃ ንምምሃር ተዋቒሖ ክወስዱ፣ ብፍላይ ኣብ ሜኽሊዩ ደረጃ ዝኣ ዘሎ ምቁሪጽ ደቂ ኣንስትዮ ደው ንክብሉ ዕቱብ ቁሉሕታ ክገብሩሉ እውን ኣዘኻኺሩ።

ወከልቲ ህዝቢ፣ ምስ ዘሎ ሪሕቂን ብዘሕ. ህዝቢ እታ ዘል መደባር ጥዕና እንኳ'ኳ ብዘምጻናና እቲ ጉዳይ ክትሰክሑ ናይ መጻዝዩን ቴሌፎንን ጸገም እውን ፍታሕ ክፍደሉ ዝብል ስጋታት ኣቕሪቦም።

ሰራሕተኛታት ኮርፖረሽን ዓሳ፣ ሰለስተ ሰድራ ስዉኣት ይናብዩ

ሰራሕተኛታት ሃገራዊ ኮርፖረሽን ዓሳ - ባጽሲ ሰድራ ስዉኣት ንምንባይ ብዘወሰድዎ ተገባኢ ናይ ሰለስተ ሰድሪቢታት ሓለፍት ከምዝወሰኑ፣ ብ29 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ርክብ ተሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ሰሙናዊ ስርዓት፣ ሓላፊ'ቲ ኮርፖረሽን ኣቶ ወልደጋብር ወልደኣብ ሰድሪቢት ስዉኣት ንምጥዋር ዝተወሰደ ቅዱስ ተገባኢ መርኣያ ናይ'ቲ - ነም ህዝቢ ኣብ ስዉኣትና ዘሎና ልዑል ክብርን መጽዋን ከምዘተሳ ብምጥቃስ ካልኣት ሰራሕተኛታት ክስዕቡዎም ዘለዎ እምት ገለጹ።

ኣብ በትጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ሶሜኻዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓላፊ ውድባዊ ጉዳዮት ኣቶ ኣሕመድ ጃዕፈር፣ ዝ. ኣቐዲሙ ብክልተ ትካላት ዝተበገስ ሰናይ ተግባር ስዉኣት ንምጥዋር ዝተወሰደ ቅዱስ ተገባኢ ክሳብ ሕጊ ክቕጽሉ ከምዝኽእሉ ገለጹ።

ኣብ ኩሉ ሰሙናዊ ስርዓት ሰራሕተኛታት ኮርፖረሽን ዓሳ ክሳዕቡዎ ምርኢይ ዘሎዎን ምኳኑን ኣቦ'ተን ካልኣት ንኡሳን ዘጋታት'ውን ተመሳሳሊ ተገባኢታት ንምወሳድ ተጀሚሮሉ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕጽን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ዞባ ሶሜኻዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ኪዳነ የወሃንስ'ኳ መደብ ኣብ ካልኣት ነበጋታት ንምቐጽሉ ተመሓዚ ተደሊቡ ስለዚ፣ ብዘዘዎለ ክድፋኦሉ ኣዘኻኺሩ።

ንዞ/ሓጋዝ - ዝናብ ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ - ምምሕዳር ነበ. ሓሸሎ፣ ብ30 ግንቦት ዝወቐዐ ብሀጋብ ዝዘሰዐ ብርቱዕ ዝናብ ኣብ ኣብይቲ ጥሪጎን ኣግራብን ጉድኣት ኣውሪዱ።

በቲ ንልዕሊ. ሓደ ሰዓት ዝቐጸለ ዝናብ 80 መንበሪ ኣብይቲን 5 ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎትን ክፈደስ እኽሊ፣ 150 ግቢ'ቲ ኣግራብ ነዋኢ'ውን ዓንድታት ኤሌክትሪሲቲ ከምዝወደቑ፣ 20 ጠሉብዕ ደማ ብወሕጅ ከምኣተወሰዱ ኣመሓዳሪ'ቲ ምምሕዳር ነበ. ንኡሽ ሓቢሩ።

ካብ ነዞማ ሓጋዝ ሽሽኽ ሶሜኻዊ ምዕራብ ኣሳታት 19 ከሎሜዝር ርሒቓ እትርከብ ምምሕዳር ነበ. ሓሸሎ፣ ልዕሊ. 10 ሽሕ ነበርቲ ኣለወጭ።

ብ1 ሰ/እውን ኣብ ምምሕዳር ነበ. ዓድ-ኣረይ ብዘወቐዐ ቦምድ ዝዘሓወሶ ዝናብ ወዲ 54 ዓመት ሰብኢይ ብርቂ ሞይቱ ሓንቲ ዝ ምስ ምስእ ንብረታ ደማ ተቓጺሉ።

ዓንሰባ - ተመሃሮ ሰፊሕ ወፈራዊ ማእቶት ኣካዩዶም

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፣ ተመሃሮ - ብኢጋጣሚ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ንዝትከል ኣግራብ ዝኸውን ጉዳጉዲ ንምድላው፣ ነዋኢ'ውን ጣንጡ ዝረቡሉሉ ቦታታት ንምድፋን ብ31 ግንቦት ወፈራዊ ማእቶት ኣሰላሲሎም።

እቲ ብጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ተወዲቡ ዝተኻየደ ወፈራዊ ንጥፈት፣ ኣካል ናይ'ቲ ንተመሃሮ ብኣካዳምን ሰራ-ምግባርን ንምኽሓስ ዝኾደድ ስራሕ ምኳኑ ተገሊጹ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፣ ካብ መባእታ ክሳብ 2ይ ደረጃ ልዕሊ. 80 ሽሕ ተመሃሮ ኣብ 234 ኣብያተ-ትምህርቲ ግቡእ ትምህርቶም ይካታተሉ ምህላዎም፣ ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ የሕጽር።

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ኣገልግሎት ተለቪዥን ኤርትራ ርሕሰ ቦል ዓድ ክኾነልኩም እናተመጸ፣ መደብና ዝ. ቦል'ዚ. ብዘንጸባርቕ ትሕዝቶ፣ ካብ ሰዓት 9:00 ንግሆ ዝጀምር ኮይኑ፣ ካብ ሰዓት 3:00 ድ/ቀትሪ ካብ ኣክሰሎ ዝኾደድ ህዝባዊ ቦል ብቕጥታ ከከመሓልልፈልኩም ምኳንና ንሕብር።

ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም
yosief1557@gmail.com

ጽልዋ ቁጥዐ ኣብ ስድራቤት

ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ዝህሉ ጥምረት ኣብ ምዕባይ ባህሪያት ውልቀ ሰባት እቲ ዝለዓለን ዝተረረን'ዩ። ስለዝኾነ'ዩ ድማ ስድራቤት ኣብ ኣባላታ ንእተሕድሮ እወታዊ ጽልዋ ንምርዳእ ዓመታት ዝወሰደ። ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ፍቕርን ሰላምን ምርድዳእን ክህሉ መሰረታዊ ነገር'ዩ። ይኹን'ምበር ማዕረ ማዕሪኡ ኣብ መንጎ ኣባላት'ታ ስድራ ዘይምርድዳእ ኪጋጥም፣ ከም ውጽኢቱ ድማ ክሳብ ምትሕርራቕ ክርእ ከምዝኽእል ተገዚብካ ንኹሉ ድሉው ክትከውን ይግባእ። ካብዚ ሓሊፉ ግን ናብ ጭሉሳን ምትህርራምን ከምርሕ ስለዘይብሉ ቅልጡፍ ግብረ መልሲ የድሊ። ምኽንያቱ እንተደኣ ኣብ ጭሉሳን ምትህርራምን ተበጺሑ ህላወት እታ ስድራቤት'ውን ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ኣሎ ማለት'ዩ። ቅልጡፍ ስጉምቲ ወሲድካ ክእለት ድማ ይግባእ።

ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ዘጋጥም ዘይምርድዳእ እናኸፍአ ምስ ዝኸይድ ናብ ጭሉሳ፣ ምትህርራምን ዘይተደልየ ቁጥዐን ከማዕምርሕ ርዱእ ነገር'ዩ። እዚ ማለት ኑታ ስድራ ዝመርሑዋ ኣቦን ኣደን ነቲ ኣብ መንጎ ስድራቤቶም ዝርአ ዘሎ ዘይምርድዳእ ቀልጢፎም መዕለቢ እንተዘይገይሮሙሉ፣ እታ ስድራ ናይ ምርድዳእ ዓቕሚ እናተዳኸመ ስለዝኸይድ ካብ ዓቕሞም ወጺኡ ክትከውንን ኣብ መውዳእታ ኣብ ሕማቕ ክትወድቕን ትኽእል። ስለዚ፣ ቀለስቲ ስድራ ዝኾኑ ኣቦን ኣደን ሰላምን ፍቕርን ኣብ ምስፋኑ፣ ዝጋጥም ዘይምርድዳእ ኣባላት ስድራቤቶም ቅልጡፍ መዕለቢ ኣብ ምንዳይ ዝለዓለ ተራ ከምዘለዎም ፈሊጦም ሓላፍነቶም ክልዕሉ ኣለዎም። ወለዲ ሓላፍነቶም ኣልዒሎም ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤቶም ዝጋጥም ቁጥዐ መዕረፈ ምስ ዘይገብሩሉ ግን፣ እቲ ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ዘጋጥም ሓድሕዳዊ ቁጥዐን ዘይምርድዳእን ካብታ ስድራ ወጺኡ ኣብ ደገ (ምስ ካልኦት ሰባት) ከይተረፈ ጽልዋ ከሕድር ስለዝኽእል ሳዕቤኑ ዝገደደ ይገብሮ። ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዘይተፈትሐ ጸገምን ዘይምርድዳእን ድማ ደገ ክወጽእን ናብ ዝኸፍአ ኣንፈት ክጉዓዝን ግድን'ዩ። መፍትሒ ናይዚ ኩሉ ግን፣ ኣቦን ኣደን ኑታ ዝመርሑዋ ስድራቤት ብኽብረታትን ሱምሞቦርን ባህሎም ኩሰኩሶም ክመርሑዋን'ዩ። ቆርበት ብርሑሱ ቁልዓ ብንኡሱ ዝብል ምስላ'ውን ነዚ ዝገልጽ'ዩ። ወለዲ ካብ ንኡስ ርእሶም ኣትሒዞም ፍቕርን ምክብባርን ክዘውትሩ፣ ነቶም ዝወለድዎም ደቆም ድማ ከም ዕድመኦም፣ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ምቕብባልን ምሃሮም ክዕበዩዎም ኣለዎም። በዚ መገዲ'ዚ ተኹሲኩሱ ዝዓበየ ቁልዓን በዚ መገዲ'ዚ ተማእዚኑ ዝኸይድ ኣባል ስድራቤትን ኣብ መወዳእታ ኣብቲ ዝደለዮ ደረጃ ዕቤት ክበጽሕን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰቡ ግቡእ ማሕበራዊ ክብርታቱ ከውሕስን ይኽእል።

ኣብ ውሽጢ ኣባላት ስድራቤት ቁጥዐ ምስ ዘጋጥም ግን ብኸመይ ኢና ንፈትሖን ንጽግሞን? ነቲ ኣብ መንጎኡ ዝፈረሰ ዝምድናኸ ብኸመይ ንጽግኖ? እዞም ዝስዕቡ ገለ ካብቶም ክኢላታት ናይዚ ዓውዲ ዘቕርብዎም ነጥብታት'ዮም። ቁጥዐ ሓደ ካብቶም ኣብ ዝምድናታት ዘጋጥም ዝውቱር ኣሉታዊ ባህሪያት'ዩ። ቁጥዐ ንሓዳር ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ሕማቕ ባህሪያት'ዩ። ብርግጽ ድማ ከውገድ ዘለዎ'ዩ። ቁጥዐ ብዙሕ ግዜ ኣብቶም ዘይውሑስ ዝምድናታት ዘለዎም ስድራቤታት'ዩ ዝርአ። እዚ ከኣ ክፉት ምብህሃል ይጎድል እሞ ናይ ፍቕሪ ስምዒት ኣብ ትሕተ'ቲ ንዓመታት ዘጽረሮ ጓሂ ወይ ቅሬታ ተቐቢሩ ይተርፍ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ዝምድናታት ዝነብሩ ስድራቤታት ድማ ግዳይ ተስፋ ምቕራጽ ክኾኑን ብዛዕባ መጻኢኦም ክጠራጠሩን ግድን ይኸውን። እቲ ጸቡቕ ዜና ግን፣ ዝኾነ ዝምድና ግዳይ ቁጥዐ ዋላ ይኹን ተስፋ ከይቆረጽካ፣ ምስ ክኢላታት እናተላዘብካ ንምሕዳሱን ንምፍዋሱን ጻዕርታት ምክያድ'ዩ። ምስ ግዜ ድማ እቲ ጠንቂ ምፍራስ ዝምድናታት ዝኾነ ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ዘጋጥም ቁጥዐ ካብ ሰሩ ተማሒዩ እታ ስድራ ሰላምን ፍቕርን ክዕስል ይኽእል። እዞም ዝስዕቡ ኣብ ዝምድናታት ዝጋጥም ቁጥዐ ብኸመይ ተውሕዶ (ትድርቶ) ዝሕግዙ ነጥብታት'ዮም።

1. ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ቁጥዐ ምስ ዝህልወካ ተቐዳዲምካ ንኹነታት ውሽጣዊ ስምዒትካ መርምር። ንርእስኻ ድማ ንምንታይ'የ ቁጥዐ ዝስምዓኒ ዘሎ ኢልካ ሕተታ።

2. ቅድሚ ዝተጠቕዐ ወይ ዝተዛረየ ኮይንካ ምስማዕ፣ ዝሰማዕካ ጥርጣረ ንኻልኦት ሰባት ኣካፍል። በዚ ኸኣ ካብ'ቲ ክመጽእ ከም ዝኽእል እትጸበዮ ሳዕቤን ቁጥዐ መህደሚ ክትረክብ ይሕግዘካ።

3. ንዝኾነ ርእሰኻ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ዘለካ ጠመተ ሕጋዊ ወይ ቅቡል ምኻኑ ሕተታ።

4. ናይ ምብህሃል መስመራትካ ክፉት ግበር። ናይ ቅሬታ ወይ ሓዘን ስምዒታት ምስ ዝህልወካ ብግቡእ ዘርዚርካ ምስ እተፋቕሮ ሰብ ኮይንካ ተላዚብሉ - መፍትሒ ድማ ክትረኽብሉ ኢኻ።



5. ምስቶም ኣብ ልዕሌኻ ቁጥዐ ዘፈጥሩ ወገናት ተሳቲፍካ ከመይ ከምዝኸሎ መርምር። ክስተኻኸል ዝግብኦ ነጥብታት ምስ እትረክብ ድማ ቀልጢፍካ ኣስተኻኽሎ።

6. ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ይኹን ምስ ካልኦት ውልቀሰባት ቁጥዐ ኪጋጥም ንቡር ምኻኑ ተረዲእካ፣ ንዘፈጥረልካ ስምዒት ካብ ምቁጽጻርካ ወጻኢ ከይከውን ሓልዎን ተቖጻጸሮን።

ስድራቤተይ ወይ መጻምደይ ናይ ቁጥዐ ጸገም ከምዘለዎም ብኸመይ እፈልጥ?

ቁጡዓት ሰባት ዝበዝሕ ግዜ ቁጥዖኦም ናይ ምቁጽጻር ጸገም ከምዘለዎም ይፈልጡ'ዮም። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፣ ቁጡዓት ሰባት ንቑጥዖኦም ከም ሓደ ክልወጥ ዘይክእል ኣካል ህይወቶም ስለ ዝቕጽርዎ'ዮም ንምቕያሩ ተስፋ ዝቖርጹ። ስለዚ፣ ስድራቤትካ ወይ መጻምድኻ ናይ ቁጥዐ ጸገም ከምዘለዎም ትጥርጥር እንተኾንካ፣ እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ተመልከት'ሞ ከም መረጋገጺ ክጠቕሙኻ'ዮም።

1. ኣብ ሓደ ፈኲስ ጭንቀትን ሕርቃንን ካብ ንቡር ንላዕሊ ቁጡዕ ምኻኑ።

2. ብዛዕባ ዝተዛረብዎ ጉዳይ ገስናዊ ስምዒት ምህላውን ወይ ብዛዕባ ዝበልካዮ ነገር ጣዕሳ ምስማዕን።

3. ከምኡ'ውን ኣብ ማሕበራዊ ጉዳይ ተደጋጋሚ ግጭት ምዝውታርን ኣብ ዘይተደልየ ማለት ክሳብ ሕጊ ምጥሓስ፣ ምብኣስ፣ ንብረት ምዕናው፣ ትምህርቲ ወይ ስራሕ ምብኳር ወዘተ ዝበጽሕ ሕርቃን ምዝውታር።

4. ስድራቤትካ ወይ ኣዕሩኽትኻ ድማ ቁጥዐኻ ክትቆጻጸር ከምዘለካ ምስ ዝሕብሩኻ።

ቁጥዐኻ ንምፍዋስ ሓገዝ ካበይ ትረክብ?

- ቁጥዐ ክፍወስ ዝኽእል ማሕበራዊ ጸገም'ዩ። ከምቲ ቀስ ኢሉ ዝምዕበል ክፍወስ እንክሎ ድማ ቀስ ኢሉ'ዩ ዝፍወስ። ስለዚ መጀመርያ ቁጥዐኻ ክትፍውስ እንተደሊኻ ካብ ኣባላት ስድራቤትካን ፈተውትኻን ዝወሃበካ ምኽርን ማዕዳን ተቐበል። እቲ ምንታይ ምኽርን ማዕዳን ፈተውትኻ ምቕባል መሰረታዊ መፍትሒ ቁጥዐ'ዩ። እዚ ዘይሰምዕ ግን ኣብ ሕማቕ ክውድቕ ግድን'ዩ።

ምስ ኣቦይ ኣራኽቡኒ !

ድሕሪ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሃዋህው ሰላም ምፍጣሩ፣ ነቲ ብዕላል ጥራይ ዝፈልጦ ዝነበርኩ ወላድየይ ንምርካብ ተቐላጢፈ'የ ናብ ከተማ ኣስመራ መጺአ። እንተኾነ፣ እንትርፎ ሃንቀውታን ድሌትን 'ናበይን በየንን ኣብለ ክኣትት' ዝብል ኣምር ስለ ዘይነበረኒ ኣብ ገለ ቦታታት ኣስመራ ሓቲተ ክምለስ'የ ተገዲደ።

ብድሕሪዚ፣ ቤተሰቦም ንምርኣይ ይኹን መግለጺ ሓገዞም ንኽዝውሩ ካብ ኤርትራ ናብ ኣኽሱም ዝመጽኡ ሰባት ካብ ምሕታት ዓዲ ኣይወዓልኩን። ገለ ሰባት ብዝሃበኒ ሓበሬታ'የ እምበኣር ናባኹም ዝጽሕፍ ዘለኹ። በዚ ዓምዲ ስድራቤት ብዙሓት ዝተጠፍኣ ስድራቤታት ከም ዝተራኸባ ምስ ሰማዕኩ ድማ ኣዝዩ ተስፋ ጌረ - ዝስዒ ሓበሬታ ጽሒፈ ክሰደልኩም ተተባቢዐ።

የርዳኖስ ብርሃ ጎደፋ

ምሉእ ስመይ የርዳኖስ ብርሃ ጎደፋ እዩ ዝብሃል። ጓል 22 ዓመት'የ፣ ኣብ ኣኽሱም ድማ እቕመጥ። ኣቦይ ብርሃ ጎደፋ ዝብሃል ኮይኑ፣ ቅድሚ ንዓይ ምውላዱ ኣብ ኤርትራ ማለት ኣብ ከተማ ከረን'ዩ ዝነብር ነይሩ። ፍሉይ ስሙ ቡንባ ኣብርሃት ኮይኑ፣ ጥቓ መስገድ'ዩ ነይሩ። ምስ ሓዉ ሓለፎም ጎደፋ ከኣ እንዳ ወርቂ ትካል ከም ዝነበሮ ኣደይ ወ/ሮ ሽሻይ ሰረቅ ነጊራትኒ።

ቅድሚ ዶባዊ ግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን ምጅማሩ፣ ናብ ኣኽሱም እናተመላለሰ ደርእዩና ምንባሩ፣ ኣደይ ኩሉ ግዜ እያ ትሕብረኒ። ክሳብ 2002 ሓዉ ናብ ኢትዮጵያ ዝመጸእ ድማ ደጆ ነይሩና'ዩ። ድሕሪዚ ግን ደጆ ጠፊኡና፣ ዋላ እቲ ብመንገዲ ቀይሕ መስቀል ዝልእኾ ዝበረ ደብዳበ ኣቋሪጹ።

ደው ኢሉ ዘሎ ኣቶ ብርሃ ጎደፋ

ስለዚ ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ዓምዲ ስድራቤት፣ ነዚ ዘይፈልጦ ኣቦይ ንምርካብ ክትተሓባበሩኒ ብትሕትና እላበወኩም። ብናታትኩም ምትሕብባር ድማ ደጆ ክረክብ ልዑል ተስፋ ጌረ ኣለኹ። ንእትገብሩለይ ምትሕብባር ኣቐዲመ ኣመስግን።

ንሕና'ውን ክቡራት ኣንበብቲ ብፍላይ ከኣ ኣብ ከተማ ከረን ቡንባ ኣብርሃት ኣብ ዝተባህለ ከባቢ ጥቓ መስገድ እትቕመጡ፣ ብዛዕባ ኣቶ ብርሃ ጎደፋ ተቐማጢ ናይ'ዚ ቦታ ዝበረ ዝኾነ ሓበሬታ ምስ ዝህልወኩም፣ ብቑጽራታት ቴሌፎን (00251942644561 ናይ ኢትዮጵያ) ወይ ድማ 116266 ደዊልኩም ክትረኽብዋ ትኽእሉ።

ሕቶ ሰዱኮ ቁ . 7

		9		6		7		
6			8				4	1
	1		3		2			
9				3	8	6		5
	6			1		8	9	
	7	4						
1				8	6		5	9
	9	8	5					
		6		2	3		1	8

ኣዳላዊ ሰለሙን ተኽለማርያም (ራጁ)

መድረኽ ርእይቶ
ኣማረ ወልደኣብ

መጐዓዝያ ዓዲ - ንኣምንን ደርሰነይን ምሉእ ንክኸውን

መጉዓዝያ ኩብንያ ሓረት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ናይ ሃገር፡ ክሳብ ርሑቕ ገጠራት ከይተረፈ ብዘሀቦ ዘሎ ኣገልግሎት፡ ብዙሕ ናይ መጉዓዝያ ጸገማት ኣቓሊሉ ከም ዘሎ ማንም ዝፈልጦን ዘማትኦን እዩ። ሓደ ካብዚ ከኣ ካብ ኣስመራ ክሳብ ዓዲ ንኣምንን ደርሰነይን ዘመላልስ ማስመር ምህላዉ ክጥቀስ ይከኣል። ነበርቲ ናይዝን ኣብዚ ማስመር እዚ ዝርከብ ዓድታት ተጠቀምቲ ህዝባዊ መጉዓዝያ ሓረት ካብ ዝኾኑ ነዊሕ እዋን ተቖጺሩ ኣሎ። ኣብዚ ማስመር ብርትዓዊ ዋጋ ኑብሱን ንብረቶን ካብን ናብን ክንቀሳቐሱ ምብቕዑ ድማ ናብራኦም ኣብ ምምራሕ ቀሊል ኣበርክቶ ኣይኮነን ዘለዎ።

ኣብዚ ማስመር፡ ካብ ኣስመራ ተበጊሳ ብርክት ዝበሉ ዓድታት ናይ መጉዓዝያ ኣገልግሎት እናሃበት ክሳብ ደርሰነይ ትበጽሕ ሓረት ኣላ። ካብ ኣስመራ ነቒላ ኣብ መንገዲ ዘጸንሓ ተጉዓዝይ እናጸዓነትን እናውረደትን ክሳብ ደርሰነይ፡ ከምኡ'ውን ካብ ደርሰነይ ብተመሳሳሊ መንገዲ ክሳብ ኣስመራ እያ ተመላልስ።

እዛ ኣውቶቡስ መጉዓዝያ ሓረት ግቡእ ስርሓ ኣብ ምስልሳል ትረኽብ ደኣ'ምበር፡ ኣብዚ ማስመር ዝርከብ ህዝቢ ኣዝዩ ብዙሕ ስለዝኾነ፡ እዛ ሓንቲ ኣውቶቡስ ንኹሉ ኣኺላ ንተጠቀምቲ ከተሕጉዝ ኣይከኣለትን ዘሎ። ኣብ ርእሲ'ዚ እውን ምናልባት ጠለብ ህዝቢ ንምምላእ ተባሂሉ ክኸውን ይኽእል እቲ ግቡእ ኮፍ መበሊ መሊኡ፡ ሰብ ኣብ ልዕሊ ሰብ ከም ሓሰር ተሰኪዱ ክኸይድ ይረአ ኣሎ። እዛ ኣውቶቡስ ብብዝሒ ሰብን ንብረትን ተጠርኒፋ ነቲ ብዙሕ ምቹእ ዘይብሉ ጸርጊያ ሓገግ እናበለት እያ ትጓዓዝ ዘላ። እቲ ግድል ብኽልተ መንገዲ ክረአ ዝኽእል ምኽንያት ክፍለጥ ይግባእ። ዓቕማ ጥራይ ጸዒና እንተትኸይድ ዝበዝሐ ህዝቢ ይተርፍ፡ ካልእ ኣማራጺ ናይ መጉዓዝያ ስለ ዘየለ ድማ እቲ ኣደራዕ ናብ ህዝቢ እዩ። ብኸምዚ ትኸይድ ዘላ እንተቐጺላ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ህይወት ሰብን ንብረትን ዝስዕብ ሓደጋ ዝኸበደ ምኻኑ ኣይተርፍን።

ስለዚ፡ ብቑጽሪ ህዝቢ ግቡእን ውሑስን ኣገልግሎት መጉዓዝያ ንኽረክብ፡ በቲ ካልእ ድማ ክስዕብ ንዝኽእል ሓደጋ ንምክልኻልን ጥዕና ናይ'ታ መኪና ንምሕላውን፡ ዝምልከቶ ኣካል ኣቓልቦ ብምሃብ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነብር ህዝቢ ዝኣክል ናይ መጉዓዝያ ኣገልግሎት ዝረኽበሉ ብልሓት ክፈጥር ርእይቶይ ኣቕርብ።

ተኽልያ ዓንደማርያም
ካብ ሎጎ ዓንሰባ

ሆስፒታል ተሰነይ ቅልጡፍ ፍታሕ ይጽበ

እዛ ደብዳበ ክጽሕፍ ዘገደደኒ ምኽንያት፡ ሆስፒታል ከተማ ተሰነይ ኣብ ወርሒ ማስከረም ናይ 2018 ዓ/ም ዘጋጠመ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ሎሚ ይጽገን ጽባሕ እናበልኩ ክሳብ ሕጂ ከም ዘለዎ ይቕጽል ብምህላዉ እዩ። ሆስፒታል ተሰነይ፡ ብህቦብላዊ ንፋስ ዚንጎኡ ምስ ተቐልዐ፡ ንኣስታት ትሸዓተ ወርሒ ከም ሓደ ዐና ኮይኑ እዩ ቀጺሉ ዘሎ። እዚ ሆስፒታል እዚ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ዝርከቡ ዓበይቲ ንብዙሕ ህዝቢ ኣገልግሎት ዝህቡ ሆስፒታላት እዩ። ብመንጽር ዕቤቱን ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣኡን ድማ፡ ንሰፊሕ ከባቢታት ብምሽፋኑ ብቐሊሉ ዘይጥመት ጥዕናዊ ኣገልግሎት ክህብ ጸኒሑ። ብተወሳኺ፡ ብዘሀቦ ጸፋፍ ኣገልግሎት ንተገልገልቲ ሩፍታ ክህብ ዝጸንሐ ምኻኑ ክምስክር እኽእል። ሕሙማት ኣብ ምሕካም ጥራይ ዘይኮኑ፡ ሕማም ከይመጽእ ከሎ ንምክልኻል ቅድመ ምድላዋት ብምግባር፡ ህዝቢ ብዛዕባ ርእሱ ሕማም ንኽከላኸል ዘድሊ ምኽሪ ይህብን ይገናዘብን።

ከም'ዚ ዝበለ ሆስፒታል ካብ ስርሑ ክስናኸል ዘይምቹእነት ከጋጥሞ ከሎ ህዝቢ ወይ ተገልገልቲ ክሳብ ክንደይ ከም ዝጉድኡ ማንም ክግምቶ ዝኽእል እዩ። ብዘጋጠመ ባህርያዊ ሓደጋ ኸኣ ብፍላይ እቲ ብርክት ዝበለ ክፍልታት ዝሓዘ መሐከምን መደቀስን ህጻናት፡ ላዕለዋይ ሽፋኑ የለን። ካብ ኣገልግሎት ምሃብ በኺሩ እዩ ዘሎ። ናይ'ዚ ክፍሊ እዚ መሐከሚ ክፍልን ዓይኒ ምድርን'ውን ካብ ስራሕ ደው ኢሉ ኣሎ። እዚ ዘምጽኦ ማዕዘዝ ከኣ ኣብ'ቲ ሆስፒታል ጸቢብ ክፍልታት ኣጋጢሙ ይርከብ። ሕሙማት፡ ከም ዓይነትን ክብደትን ሕማሞም፡ ኣብ'ቲ ንዓኦም ዝተመደበ በበይኑ ክፍልታት ክሕከሙ ከም ዝግባእ፡ ሞያውያን ሕክምና ጥራይ ዘይኮኑ ተራ ሰብ እውን ኣይጠፍኦን እዩ። ኣቓዲሙ እውን ሆስፒታል ተሰነይ፡ በዚ ኣሰራርሓ እዩ ንህዝቢ ከገልግል ጸኒሑ።

ሎሚ፡ ብሰንኪ ባህሪ ብዘጋጠመ ሓደጋ፡ ሕሙማት፡ ብሞያዊ ዓይኒ ብጥበእ ዝሕከምሉ ቦታ ብምስኣን፡ ዝተፈላለየ ዓይነትን ክብደትን ሕማማት ዘለዎም ተጠቀምቲ ብሓደ ክሕከሙ ተደሪኾም ኣለዉ። እቲ ኣብ'ዚ ተኸሲቱ ዘሎ ጸቢብ ክፍልታት ዘስዓቦ ጸቕጥቕጥ፡ ንሓኪይምን ህዝብን ኣብ ሽግር ኣእቲዩዎም ይርከብ። ብሰንኪ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ኩነታት ኣየርን፡ ኣብ ግዜ ክረምቲ ኣብ'ዚ ቦታ'ዚ ሕሙማት ከም ዝበዝሑ ፍሉጥ እናኾነ፡ ክረምቲ እውን ኣብ ምእታዉ ብምህላዉን እውን፡ እቲ ጸገም መሊሱ ክምዝዝ ዝሰግእ ኣይተሓብአን። እዚ ከባቢታት ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ቅርበት ስለ ዘለዎ፡ ብተመሓላለፍቲ ሕማማት ተጻላዊ ምኻኑ ድማ ካልእ ዘሰክፍ ኩነት እዩ። ቀንዲ ዋሕስ ናይ'ዚ ኩሉ ስግኣት ወይ ሰኽፍታ ድማ እዚ ሆስፒታል እዚ እዩ።

ብዓብኡ ጥዕና ህዝቢ ናይ'ዚ ከባቢ ንምሕላው፡ ብተወሳኺ እውን ጥዕና ህዝቢ ክጎድኡ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ስግኣታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ እዚ ሆስፒታል ብቕልጡፍ ክጽገን እንተዘይበርኢ፡ ክሳብ ሕጂ ቀላሕታ ስኢኑ ብዘለዎ ካብ ምቕጻል ኣማራጺ ኣይተረኽበን። ስለ'ዚ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ተጸጊኑ ናብ ንቡር ዝምለሰሉ ኩነት ክፍጠር ዝምልከቶ ኣካል ሓላፍነት ክወስድ ይግባእ። ንግዜኡ'ኳ እቲ ብንፋስ ዝፈረሰ ዚንጎ ዳግም ከገልግል ዝኽእል እንተኾይኑ ክኽደን ብልሓት ክፍጠር ይኽእል እዩ። እንተ ዘይኮይኑ ድማ እዚ ጉዳይ ዝምልከቶ ኣካል፡ ከም ወትሩ ኣቓልቦ ገይሩ ቅልጡፍ ፍታሕ ክህበሉ እላቦ።

ካብ ዓንደብርሃን ፍጹምብርሃን ተሰነይ

“ኣይግብርን ቤት ጽሕፈት ክብሪ መዝገብ” ብዝብል ኣርእስቲ ንዝተዋህበ ርእይቶ ዘሎና መብርሂ

“ኣይግብርን ቤት ጽሕፈት ክብሪ መዝገብ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ኣፍልጦ ዝጐደሎ ኣቐሬታ ብፍስሃየ ፍትዊ ብዕለት 23 ሚያዝያ 2019 ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ መድረኽ ርእይቶ ተዛቢቡ ነይሩ። ቤት ጽሕፈት ክብሪ መዝገብ ይኹን ምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት፡ ኣገልግሎታት ምዝገባ ነበርቲ፡ ዘመናዊን ኣሪን ንክኸውን ዘበርኦ ምውህሃደን ዝጥቀምሉ መስርሓትን ምኽንያታትን ከይተገንዘበ ዝተዋህበ ርእይቶ'ኳ እንተኾነ፡ ኣፍልጦ ነበርቲና ንምዕባይ ሓጺር መብርሂ ንህብ።

ወሃቢ ርእይቶ ብዛዕባ ክእረም ዝሓተቶ ነገራት ንጹር ሓበሬታ ኣይጸሓፈን። ስም ጓሉ ከይጠቐሰ ስማ ጌጋ ኮይኑ ይተኣረመለይ እንተበልኩ ፍታሕ የብሉን ተባሂለ ይብል። ብዛዕባ ላቲናዊ ስፔሊን ናይ ኣስማት ይጠቕስ ምህላዉ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣጸሓሕፋ ኤርትራዊ ኣስማት ብግእዝ ኣብ ንጹር ደምጺ ስለዝምርኮሰ፡ ፍልልያት ዝኽሰት ኣዝዩ ውሑድ ግዜ ጥራይ እዩ። ኣስማትና ብፊደላት ላቲን ክጽሓፉ እንከሎ ግን ከም ጸሓፍቱ ክፈላለ ምጃኑ ንማንም ግሉጽ እዩ።

ዑቕባሚካኤል ብላቲን Ogbamikael, Ugbamikael, ocubamikael, ogbamicael, Ugbamichael ….) ክሳብ 10 ዝበጽሕ ፍልልያት ይፈጥር ነይሩ። ፍስሃየ ፍትዊ እውን Fisehaye Fitiwi/ Fesehaie Fitwi/ Fesehaye Fetwi ወዘተ ክጽሓፍ ይኽእል። ብኢድ ምጽሓፍ ኣብ ዝዝውተረሉ እዋንን ቦታን፡ እቲ ፍልልይ ኣጸሓሕፋ ሃሳይነቱ ውሑድ እዩ። ኣብዚ ዘሎናዮ ዘበነ ኮምፕዩተር ግን፡ መንነት ሰብነት ኣብቲ ዘይቅየርን ቀዋሚን ኣጸሓሕፋ ስሙ ስለዝምርኮሰ፡ ሓንቲ ፊደል ምጉዳል ወይ ምውሳኽ መንነት ዝቕይር ወይ ንምርግጋጽ ዘጸግም ኮይኑ ኣሎ።

ፊደላት ላቲን ብዙሓት ብሄራትና ዝጥቀምሉ ስለዝኾኑ፡ እቲ ኣብ ነበርነት እንጥቀመሉ ኣጸሓሕፋ ላቲን እንግሊዝኛ ኣይኮነ፡ ጥልያን ኣይኮነ ወይ ጀርመን። ንድምጺታት ቋንቋታትና ዝወከለን ኩሉ ዜጋን ወጻእተኛታትን ንኽድምጹዎ ብዝሓየሸ ስርዓት ኣጸሓሕፋ ዝተሃንጸን ብዩኒቨርሳል ኣስማት ዝቐየደን ኣገባብ ድማ ይሰርሕ። ነበርቲ ዝወሰዱ ሰነዳት ግእዝ ቅቡዕ እንከሎ ናይ እንግሊዝ ስመይ ቅቡዕ ኣይኮነን ዝበሉ ብዙሓት እዮም። እቲ ኣማራጺታቶም ሓበሬታ ምስ ረኸቡ ግን ዝጠዓሞም ከም ዝዓገቡ ናይ ዝሓለፈ 15 ዓመት ተመኩሮ ምም/ዞባ ማእከል የረጋግጽ።

ነቲ ቋንቋዊ ብዙሕነት ሃገርና ዝሰማማዕ ናይ ምዝገባ ኣገባብ ንምህናጽን፡ ንምዝገባ ብቴክኖሎጂያዊ ኣገባብ ዘቃልል ዳታበይዝ ንምትካልን፡ ናይ ኣስማት ዩኒቨርሳል ምህናጽ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ማለት፡ ብሓደ ጸሓፊ ብሓደ ዓይነት ፊደል ዝተመዝገበ ስም፡ ብቐጥታ ኣብ ሕትመት ነበርነት ወይ ምስክር ልደት ብኽልተ ወይ ሰለስተ ዓይነት ፊደላት ናይ ምውጻእ ተኽእሎ ይፈጥር። ሓደ ግዜ ብንጹር ዝተጻሕፈ ስም ድማ ነቲ ሓበሬታ ስለዝኾነውን ናይ ምግጋይ ተኽእሎ ይጉድል።

ኣቐሪቢ ኣቐሬታ፡ ንኣጸሓሕፋ ከተማ ኣስመራ ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ ኣብ ክንዲ ብቓሉ Asmara ዝጸሓፍዎ Asmera ገይሮምለይ'ውን ይብል። ኢጣልያውያን ንእቲ ዝተጠቕምሉ ናይ ከተማታትና መጸውዒ ምስ መልሓሶም ዝኸይድ ኣደማምጻ ምስ ፊደላቶም ዝሰማማዕ ኣጸሓሕፋኡን እንተተገብሩ ኣይተሓዝሉምን። ገለ ካብቲ ንመዘከሪ ዝገደፍዎ ኣጸሓሕፋ ኣስማት ከተማታትና፡ ንኣስመራ (Asmara)፡ ንከረን (Cheren)፡ ንዓዲ ቀይሕ (Adi Caih)፡ ንደቀምሓረ (Dakamare)፡ ወዘተ እዩ። ኣብዚ ድሕሪ ጣልያን ዝሰዓበ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ምስፍሕፋሕ ስዒቡ፡ ቦታ ልደቶም ብፍኑው መልክዑ ኣጸሓሕፋ ንዓዲ ቀይሕ (Adi Qeyih, Adi Keyih, Adi keih, Adi Caih, Adi Chaih) ክቕጽል ጸኒሑ። ከምኡ'ውን ኢጣልያውያን ኣብ ክንዲ ከምቲ ደቀባት ዘድምጹዎ ኣስመራ (ስምረት ፈጢራ ማለት እዩ) ዝብል ስም፡ ኣስማራ (Asmara) ስለዝጸውዕዋ ቅቡዕን ነባሪን ጌርካ ምሕሳብ ግጉይ እዩ። ርእሲ ከተማ ቻይና፡ ብዲያፍ ኣሲያይማ ብሪጣንያውያን ፔኪንግ (Peking) ትብሃል ነበረት። ምስ ናጽነቶም ግን በቲ ቅቡዕ ስማ በይጂንግ (Beijing) ትጽዋዕ ምህላዋ ሓደ ናይ ብዙሓት ኣብነታት እዩ።

ኣብ ዘሎናዮ መዋእል ንጹር ኣጸሓሕፋ ዘለዎ ስም ሰብን ቦታን ከም መለለዪ ዜግነት ኣዝዩ ኣገዳሲ ኩነት እዩ። ግሎባውነት ዝዋሰበሎ ምዝገባ ኮምፕዩተርን ዜግነትን መንነትን መሻ ወጻኢ'ን ፓስፖርትን ኣብ ዝመላለየሉ ዘበን፡ ስምካ ንጹር ደምጺን ፍሉጥ ኣጸሓሕፋን ክህልዎ ዓቢ ብልጫን ዕድልን እዩ። ስለ'ዚ ድማ ኩሉ ህዝቢ ስም ህጻናት ኣብ ምውጻእ ኣዝዩ ዓቢ ጥንቃቐ ከም ዘድሊ ክፍለጥ ከም ዝግባእ ነዘኻኽር።

ክፍሊ ስታቲስቲክስን ስርዓት ጂኦግራፍያዊ ሓበሬታን ምምሕዳር ዞባ ማእከል

ማህደር ጀጋኑ

ሺሃብ ኣርኣያ

ግርማይ ተኽለ (ጓዕዳድ)

እቲ ኣብ ድሕሪት ኩይት ገዘዝብ ገዘረ ተጋዳላይ ነሸፋ ዘለዎ ብነሸፋኡ ነሸፋ ዘይብሉ ብጥራይ ዓይኑ ናብዓም ወፋያት ጠመተ። ዝ. ዝዘግዘበ ኮሉ ተጋዳላይ ከብዱ ክሕዙን ጀመሩ፣ እየም ወፋያት ብጋድም መሳርያ ናብቲ ጸላኢ. ገዘበሮ ኩረብት ናይ ትኽል ገየዩ፣ "ኣብ ገድሲ. ወጺአ ሓለፍት ካብ ዝነበም ከምዚ. ዓይት ወጣሪ ሃዋሁ ኣጒሪፋ. ኣይፈልጥኑ ናይ ብሓቂ ኣብ ህይወተይ ፈታኒት ህሞት እያ ነይራ!" እናበለ ፍሕራ ነታ ጸኃርቲ እዋን ይዝከራ፣ እዝ በጥሲ. ኣብ 1986 ክትቀወም እኽሊ ባዕሉ'ዩ ኣዘዘአ ኩይት፣ ኣብ ካልእ ኣሃዱ ተቖጽሩ'ኳ እንተሃበረ ንኻልኣይ ግዜ እዩ ዝ በጥሲ. ተመሊሱዉ፣ ካብ ዝኸፈ ኣሃዱ ንኣሰለ. ትፈልጦን ይፈልጥኑ፣ ተዝዲ.ምም ክኣተወ. ከሰዉ. ነየም ተባዓት ብዙቱ ቀውኢሉ ጠሚቱዎም፣ ከብዱ ግምጥልጥል ኣሉዉ። ብኡ ንብኡ ተኸሲ. ጀሚሮም፣ ኣንጻርም ዝክካሰ ግን ደብዘኑ፣ ኣዝዩ ብርቱዕ ተቓወሞ ገጠመም፣ ምስቲ ከኑሉ ተቓወሞ ግን ብቡሃ ኣብ ጸርግያ ደቀምሓረ ማይዕዳን ቤዲሖም መሞኒ. ቦታ ሐዛም ኣብ ጸዐቕቕ ተኸሲ. ኣተወ። ብምሉአን እተን ታንክታት ናብኡም ገጽን ኣዐዩ፣ ዝርኸበዎ ማሳኸሲ. ቦታ ሐዛም ምስ ታንክታት ክሰሙሙ ተዳለወ። ቀደሕ ብምሉኡ ብረታቱ ብሓደ ግዜ ክክካሰ'የ ኣዝዘ፣ ወተሃደራት ጸላኢ. ቡቲ ዝተፈጠወሉም ጸዐቕቕ ተኸሲ. ሬሳታቶም ገዲፍም ነዊድሙ ተገደዱ፣ ፍሕራን ቀደሕን ብራድዮ እናተራኸበ፣ "ኣጅኪ. ዝዓርከይ ናይዚ. ግንር ወኒት ስራሕ እዩ ኣተናያ ዘለና!" በለ ፍሕራ፣ ቀደሕ ግን ኣይመለሰሉን፣ እተን ታንክታት ዕድል ኣይሃቡኡን ተጸንሀንኡ እዮ፣ ቀዳመይቲ ዝኣተወየም ታንክ ጥገ ኢላ ተቓጸለት፣ ካልኣይቲ'ውን ብኸፊል ግወት፣ መን ከም ዘቃጸለን ዝፈልጠዎ ኣይነበረን፣ ናይ ወገን ጸረታንክ ሚሳይል ምኳኑ ግን ክገመት ዝኽእል ነበረ፣ ብምሉኡ ብረታት ተጋደልቲ ናብዚን ታንክታት፣ ብምሉኡ ሻምብቆ ታንክታት ጸላኢ. ናብዚም ዝዘይ.ድሪር ገልጎል ዝደፈሩ ወፋያት ተጋደልቲ ቀንዑ፣ እየም ተጋደልቲ ምስ ወተሃደራት ወግኢ ገዲፍም ምስቲን ታንክታት ተጠምዝመሙ፣ ጥይትን ቦምባ ኢደን ገቐትል ምኳኑ ረሰዉዎ፣ ብክሳሽን ቦምባ ኢደን ምስ ታንክታት ገጠመ፣ ኣርፒጂ ክነፃነሱ ዕድል ዝህብ ርሕቀት ኣይነበሮምን፣ ነተን ታንክታት ኣብቲ ዝመን ንኡተን ከኣ ኣብቲ ናንኣ ዝ ገጠመ ናብ ዝዝን ታንክታት ተሓዝሑ፣ ታንክታት ክሮጹኡም ኣብቲ ገልጎል ሽፕርተት ቦኡ፣ ወግኢ ናብ ጫርጫር ግበደ ተለወጠ፣

ፍሕራ ንቀደሕ ክረኽብ ደጋሚሙ፣ "ሃለው!...ሃለው...!" በሎ፣ ብወገን ቀደሕ መልሲ ኣይነበረን፣ ቀደሕ ቀዲሙ ከነታት ምስ ረኣየ ራድዮኡ "እንተ ተዋቒስና ክነካፈት እዩ፣ እንተ ዘይኮይኑ ግን ትርጉም የብሉን!" ኣሉ ረገጠዋ ነበረ፣ ፍሕራ ከኣ ድሕሪ ብዙሕ ፈተነ ተሓሊሉዎ ኣስቀጠፈ፣ ሓንቲ ርኽብ ዘቋረጸት ራድዮ ግን ሽሽ ትብል ነበረት፣ ሓደ ተወገኡ ዝወደቖ ተጋዳላይ ሕዘዋ ነም ዝበረ ተገመተ፣ ጸዊሕሉ፣ "ሃ...ሊ..ው...! ሃ...ሊ..ው..." ይብል፣ ድምጹ ግን ኣመና ትሕት እዩ፣ እታ ራድዮ ከነ ኣልካ ድምጺ ክትብልፍ ነም ዘጸወደኳዩ፣ ሕጭጭታ ናይተን ታንክታትን ብርቱዕ ድምጺ ተኸሲን ተመሓላልፍ ነበረት፣ እቲ ሕዘዋ ዝበረ ተጋዳላይ ድምጺ ኣየቋረጸን፣ ጸዊሕሉ ብትሕት ኳኒታት ድምጺ. "ሃ...ሊ..ው...! ሃ...ሊ..ው..." እናበለ ደጋገመ፣ ኣብ መጨረሽታ ግን መን ምኳኑ ከይተፈልጠ ደቒሩ ሃጠመ፣

ሓንቲ ታንክ ህዘዋ ግንር ጥሕሳ ናብ ታንክታት ጸላኢ. ተጸንበረት'ሞ ተኸሲ. ከፈተት - ሓንቲ ታንክ ኣንጻር 60 ገጠመት፣ ነየም ኣድ ብኣድ ዝደራጀሙ ዝበሩ ተጋደልቲ ደማ ሞራል ኣነቑዮም፣ እንተኾነ ነዊሕ ኣይጸንሐትን እጃማ ኣበርከታ ንነ'ወን ምስ ኣባላታ ተቓጸለት፣ ኣብ መወዳኣታ እቲ ወግኢ ዳርጋ ሓደ ተጋዳላይ ምስ ሓንቲ ታንክ ኮኑ፣ ምኽንያቱ እታ በጥሲ. ዓቕሚ ሰብ ብብዝሒ. ማሳዋእቲ ኣዝዩ ተጓዲሉ ነበረ፣

ካብታ በጥሲ. ወጺኢ'ውን ሓይልን ጋንታን ተደረቡ፣ እተን ዝተደረበ ሓይልን ጋንታን ናይ ብርጌድ 11 በጥሲ. 3 እኳ እንተኾኑ፣ ነቲ ከናት ክጥዕም ኣብ ትሕቲ እዝ በጥሲ. ክኸና ተሓብሩወን ነበሩ፣ ሕዛመን ዝኣተወ መራሕቲ ሓይልታት፣ ግርማይ ተሰፋብሩ፣ ተኽሎሚኡል በጋ (ቺና)፣ ተወልደ (እዝ)ን እዮም፣ ካብታ እዝ በጥሲ. ዝኣተወት ንዮማን - ንሽኸ ደቀምሓረ - ዘሎ ቦታታት ከቦቕዑ ሽቶ ተዋሂበዎም ነበሩ፣ ቅድመኣም ዝበረ ጉልጎል ብቕጠልያ ክኖን ተኸፈት ብምንዙሩ ብዙሕ ወተሃደራት ጸላኢ. ኣመና ዝተጋደፍም ምኳኑ ኣይሱሓቱዎን፣ ዝ በጥሲ. ክድግፋዎ እንተ ኹይናም ከጥዕቡ ጥራይ ነይሩዎም፣

ግርማይን ቺናን ብድርኢ. ዕስት 19 ግንቦት ኣብ እራር ከበ. ዓይዝም ብሓደ ኣጥቂዎም ተዋጊቶም ወጹም ነበሩ፣

ቅድሚ'ቲ ከናት ቺና ንኣስታት ሰለስተ ዓመት ሰበይቱ ርኸበዋ ኣይፈልጥን ነበሩ፣ ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ግን ናብቲ ዝበሮ ቦታ መጸኣቶ፣ ክልተ ሰመን ብሓደ ምስ ገዙ ግን እዚ ከናት ኣርኒቡ፣ "ቺና ዕረፍቲ ይኣኽለካ!" ተባሂሉ ናብ ወግኢ ንክኸይድ ተፈላለዩ፣ "ሚስስ ትእዘዝ መጸኣትና ኣላ!" በለ ሃንደበት ንነበይቱ ካብቲ ዙሓደሩዎ ምቁር ለይቲ ምስ ተንስኡ፣ ሚስስ ኢሉ እዩ ዝጸወዓ ዝበረ፣ ከም ሳዕ ከኣ ለገቦታ፣ "እንታይ ትእዘዝ'ታ?" ሰንበደት፣ "ኣቲ እንድዒ ኣዳም ትሸዋሽብ እዮ ዘላ - ንሽኺ. ናብ ሕክምናኺ. ኣነ ከኣ . . ." በሎ፣ ሰበይቱ ኣብ ክፍሊሰራዊት 61 ሓኪም እዮ ዝበረት፣

ንግሆ 18 ግንቦት ከኣ ንኡ ናብ ድፋዑ ንነ ከኣ ናብ ስርሓ ተፈላለዩ፣ ሚስስ ንኸፈሩንዎ ደድሕሪኡ ቀሩብ ሰዋማ "ይኣኽለኪ. ተመሊስ!" በሎ፣ ከብዱ ግን ግልብጥብጥ ይብሎ ነበረ፣ ሐደት ምስ ሰዋመ ሚስስ ኣብ ሓደ እምኒ ኩይና ቀውኢ ኣላ ትጥምቶ ነበረት፣ ንኡ'ወን ግልጽ በሎ፣ ተጠምሚየምዃ ኢዳ ሓፍ ኣብላትሉ - ንነፍዎታ፣ ንኡ'ወን ኣጸፈታ መሲስ ደሮ ተደፋኒቑ ንብዓት ጸረር ኣበሎ፣ ተጸሚሙ ገዲፋዋ ኣርባዓት ሓመሻት ሰዒምቲ ምስ ከይ ነበሱ ምግር ኣብዩዎ እንደኾ ግልጽ በሎ፣ ካብ ኮፍ ዝበሉቶ ኣይተሰኣትን ቀውኢ ኣላ ትረእዮ ነበረት፣ ንኡ ናብ ኣሃዱ ቺና ናብ ኩናት፣

ሓይልታት ተወልደ እዝ ግርማይን ቺናን የማ ጸጋም ብምወፃዕድ ነቲ ሸሮ ሰራዊት ከጥቃዓ ጀመረ፣ እንተኾነ እዝን ተደረቡቲ ጋንታታት'ውን ነቲ ከበብ ናይተን ታንክታት ክቦትኣኡ ኣይኪኣሉን፣ እቲ ከበብ እናጸበበ ከይ፣ እየም ተጋደልቲ ብዘይ መሳሰኪ. ኣብቲ ገልጎል በጥ ኣሉም ግብረመልሲ. ክህቡ ፈተሩ፣ ነተን ኣልቢ. ዘይነበረን ታንክታትን ሸሮ ሰራዊትን ሰንጠቕም ክሓልፉ ግን ኣይኪኣሉን፣ ቺናን ተወልደ እዝን ከኣ ካብየም ሓፃሳ ሰወኣት ኩይናም ኣቡኡ ተረፉ፣ ምስ ብዘሕ. ናይተን ታንክታት ሰወብ. ምምጻእ ዝኽእል ኣይነበረን፣ ቅልሰ ጸጸን ሓርግዘን እዩ፣ መራት እናጸልመተ ከይ፣ ምጽልማቱ ነየም ተጋደልቲ ዝሓሸ ነበሩ፣ ዕስት 20 ግንቦት 1991 ናይ ንኽ ርኢ ታሪኽ ሰይዳ ሓለፈት፣ ለይቲ ሓሓሊፉ ተኸሲ. ደስሞ ነበሩ፣

ፍሕራ ኣብታ መኣዘት ኩ.ጅት ነፍ ኣሉ ኣብ ብርቱዕ ሓሳቦት ተጸምዩ፣ ንኣታፍ ሰለየ ጻዊት ጸጋይ ንኣታፍ ምልክት ሃለቃ ደስበኡ ንኣዝዚት ጋንታ ደሸ ሳብ ተሰፋሚርየምን ካልኣተን ጸውያም፣ ምጭናቕ ፋይዳ ነም ዘይብሉን ሃዲኡ ኩሓሰብ ነምዝለምን ተመሳስሮ ምሃሩዎ'ዩ፣ ክሳራኡ ክፈልዋ ነይሩዎ፣ ቡቲ ነነታት ዝዘኣቖሉ ሳዕለምት ሓሳፍቲ ዘጋጠመ ክሳራ ክሕበርም ደጋጊሞም ይሓትዎ ነበሩ፣ ምስ ወዲ. ብርሃ ብኣካል ኣይተራኸበን ብራድዮ ግን ይራኸቡ ነይሮም፣ ኣብ ኩናት ክሳራ ምግምጋም ብቕዳምት ዝበረ ዕማም ስለዝኾነ ቡብወገናም ቀልጠፍም ክሳራኡም ከቕርቡ ተሰማምዑ፣ ፍሕራ ንመራሕቲ ሓይልታት ክሳራኡም ከቕርቡ ሓተየሞ፣ ተኸስተ ቀደሕ ደሮ ከምዘተሰወአ ተፈለጠ ነበረ፣ ሃለቃ ብሬን ክሳራኡ ከቕርብ ተሓተቲ መልሲ ኣይነበረ፣ "ኣእምሮይ ጸበቕቕ ስለዘጸለ ሕጂ ኣይጥዕመንን'የ!" ኣሉ እዩ መሊሱሉ፣ ፍሕራ እየም ካልኣት መራሕቲ ሓይልታት'ውን ብዙሕ ማሳዋእቲ ኣጋጠሙዎም ነዎዝሎ ብምግምት፣ ጸፋፍ ጸበጽብ ንምቕራብ ግዜ ነም ዝወሰድ ተረዳኡዎ ኣስቀጠፈ፣

ፍሕራ ከኣሉ ንሃኡ ብወኸጠ. ቀብሩ ዳግመምውዳብ ንምግባር ዝተረፈ. ከኣሉ ኣባል'ታ በጥሲ. ኣብ ሓደ ክኢኮብ ኣዘዙ፣ እቲ ዘጋጠመ ከቢድ ክሳራ ኣብ መሳርሕ ወግኢ ዘጋጥም ምኳኑ ነየም ተጋደልቲ ብመሰጽ፣ ነብሳወፃፍ ተጋዳላይ ሕነ ክፈዲ፣ ሓደ ክንዲ ዓሳርት ኩይት ክረጋረግ ተሳገምዎ፣ "ዓወትና ግን ናይ ግድንዲ!" ብመባል ደማ ሞራል ሃበን ኣተባበዉ፣ በጥሲ.ኣኡ ንዳግማይ ስራሕ ድልወቲ ገበሩ፣ እንተኾነ ኣብታ ለይቲ እቲኡ እቲ ዘጋጠመ ከቢድ መሳዋእቲ እናተራእዩ፣ ድቃስ ሰለም ዘበሎ ኣባል'ታ በጥሲ. ኣይነበረ፣ ሸዉ ምሸት፣ ክፍሊ ሰራዊት 52 ቡቲ ቀንዲ ጸርግያ፣ ክፍሊሰራዊት 85 ብሽኸ ጸጋም ናይ ክፍሊሰራዊት 52 ብርቱዕ መጥቃዕቲ ብምፍናው፣ ንመጻሉ ኣፍደገ ደቀምሓረን እንዳ ጃሎን ተቐጸጺሮም ሓደሩ፣

ወጋሕታ 21 ግንቦት ብዮምኒይ ግንር ደቀምሓረ ተጋደልቲ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ፈጸመ፣ እቲ ተኸሲ. ብዙሕ ከደጃንሕ ማኽል ደቀምሓረ ወጽሐ፣ ብጹጋም ክፍሊ ሰራዊት 70 ናብ ከበ. ከርባርያ ቁሪጹ ክኣቱ ምስ ተገበአ ድሜ እተን ኣብቲ ገልጎል ዓሪደን ነታ ወፍይቲ በጥሲ. ግቢተናኣ ዝበረ ታንክታት ክሰደማ ተገደዱ፣

መራት ምስ ቀተረ በጥሲ. 2 ዝኸፈ ካልእ ሰራሕ ኣቋረጸ ስወኣታ ክትቀብር ተሓበሩ፣ እቲ መን ስወእ መን ወገእ ናይ ምጽራይ ስራሕ ከኣ ብዮሆኡ ተጀመረ፣ ዳዊት ጸጋይ ሳብ ተሰፋሚርየም ዘለወዎም ተጋደልቲ መዘኮ ሐዛም ነየም ስወኣት እናመዘበኡ ስራሕ ተተሓሓዙዎ፣ 80 ዝኸፈት ብሕዳት ጀጋኑ ኣብታ ገልጎል ተወፍየ ነበሩ፣

ሳብ ስርሓ እናቐጸለት ካብ ገጽ ሓደ ስወእ ሕዳ ነበረት፣ መሳ እዩ ነይሩ፣ መሳ ንዳዊት መተዓብይቱ እዩ፣ ቀደሚ ገድሲ. ኣብ ኣስመራ እዮም ዝፈለጠ፣ "መሳ እዩ ጥራይ ከይትብልኒ ቦጃኺ!" ዳዊት ኣብ ዘለዎ ከርምይ ኢሉ ነፍ በሎ፣ ብድሕሪኡ እንታይ ከም ዝበሎ ይፍለጥ ኣይነበረን - ዳዊት፣

ኣብ ዕማም ምልዓል ስወኣት እኽሊወ. ደማእዩ እቲ "ብ..ጸ..ት! ብ..ጸ..ት!" ዝብል ሳእታት ድኸም ደምጺ. መሊሱ ዝተሰምዐ፣ ድሕሪ ብዙሕ ምጽንጽን ከኣ ሳብ ብሽጹር ኣንፈት ናይቲ ደምጺ. ረኸበዩ፣ ነቲ ካብ ሰንሰለት ታንክ ንዝወፀ ኣምሲጠ፣ ምስእ ነበሱ ብዮሮና ተደፊኑ ዝበረ ብዜይ ኣብ መጨረሽታ ረኸበም ፍሕራም ኣወጽኡዎ፣ ኣይደንገዩን ብቕልጠፍ ናብ ሕክምና ሰኣኹዎ፣ ብድሕሪኡ ካብዩም ስወኣት ሂወት ዘለዎ እንተ ተረኽበ በብሓደ ክፍትሽዎም ተገደዱ - ግን ኣይረኸቡን፣

ኣባላት በጥሲ. 2 ስወኣየም ቀብሪም ውድእ ኮበሉ፣ 20 ዝኸኑ ምሩኻት ወተሃደራት ዝዛዙ ተጋደልቲ ናብታ በጥሲ. ገዲም መጹ፣ እየም ብዜየም ክቐብሩ ዝደንሑ ተጋደልቲ ናይታ በጥሲ. ደስ ኣይብሉንም፣ ጸጋን ብዜይ ጸጋኒ. ጠመቱዎም፣ ሳብ ብሕሪቃን ክሳሽን ኣዎሚሩ ብዘግቢራታ ከኑ ሰብ ሰንበዱ ብየበኡ ከኣ እየም ምሩኻት ኩብከብም ዝመጽኡ ዝበሩ ተጋደልቲ "ሳብ ... ግደሊ! ግደሊ ሳብ!..." ኣሉም ደድሕሪኣ ብምጉያይ ኣርኒቦም መንጠሉም፣ ብኡድሪ ነብስ የንፈጥፍጥ ነበረ፣ ምስቲ ዝበራ ጥኒ. ድማ ንድሕሪት ዕልው ኣሊ ወደቖት፣ ተሰኪሞም ድማ ናብ ጸላል ወሰዱዎ፣ ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዘበገ ጥኑ ብዘይ ገፍልጥ ሰብ ኣይነበረ፣ እታ ኣብ ማእጸን ኣደኣ ኩይና ኣብዚ ብርቱዕ ግዋም ዝኣተወት ሸሽል ምስ ተወልደት ኣይዓበቶትን ኣብ ሕክምና ሞይታ፣ ሳብ ግን ብህይወት ተረፈ፣

እዝ ከቢድ ዋጋ ዝኸፈለት በጥሲ. 2ን ኣብ መወዳኣታ ዝርከብም ኣባላታ ኣኸኸቢ ናብቲ ዝተረፈ ዕማም ክትሳተፍ ኣንፈታ ናብ መገዲ ኣስመራ ኣቐንዑት፣ ከም ከሰን ኣሃዱታት ዝዘዋህባ ዕማም እናዓመመት ከኣ ካብ ከበ. ደቀምሓረ ተበጊሳ ብኣወብሊዕጹሩ ሓሊፉ ብዓደማዊ ኣብ 24 ግንቦት ቀዲማ ኣብ መዓርፎ ኔፈርቲ ኣስመራ ኣትያ ብርሃን ናጽነት ኣብረቕት፣

ናጽነት ከም ጹሓይ እዩ፣ ጹሓይ ኣብ ቀትሪ ደምቕቲ ኩይና ቀትኣዮ፣ እየም ዝፀደቅዋ ከዋኽብቲ ኩሉ ዋላ ኣይዝርኣየም ኣብ ጸላላ ኣለወ፣ ናጽነት ከምታ ጹሓይ ደምቕቲ እዩ፣ ሰማእታትና ደማ ኣብ ጸላላ ኣለወ፣ መታን ናጽነት ከድምቑ ንኡየም ጸምልዮም - ከምየም ከዋኽብቲ ቀትሪ! ግን ኣብ ሕልናና ኣብ ሓሳብና ድሙቕት እዮም - ከዋኽብቲ ቀትሪ፣

ከዋኽብቲ ቀትሪ

ንሕፍሊጠ

ጆሚ/ ደጀን ተኸለ

ኢንሳይክሎፒዲያ

ኢንሳይክሎፒዲያ፡ ብዘዕባ ፍሉጣት ሰባት፣ ቦታን ፍጻመታትን ካልኦትን ብጥርንፍ ሓበሬታ ዝሓዘ መጽሓፍ'ዩ፡ ኢንሳይክሎፒድያ ካብ 'enkykliopaideia' ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል ዝመጸ ኮይኑ፡ ትርጉሙ ድማ 'ሓፊሻዊ ትምህርቲ' ማለት'ዩ፡ ኢንሳይክሎፒዲያ ዝብል ቃል ክሳብ 1700'ታት ነም መጻወዲ መጽሓፍ ዝወተር ኣይነበረን፡

መጽሓፍ ኢንሳይክሎፒዲያ ብትሕዝቶኦም ደፈሳዕዮ'ዮም፡ ገለኦም ታሪኽ ህይወት ፍሉጣት ሰባት ዝሓቖፉ ክኾኑ እንከለዉ፡ ገለኦም ድማ ኣብ ሳይንስ ዘተኮሩ'ዮም፡ ንሱ-ጥበብ ዝምልከት ሓበሬታ ዝሓዙ ኢንሳይክሎፒዲያ'ውን ኣለዉ፡

መብዝሕትኦም ኢንሳይክሎፒዲያ መን? መእስ? ኣብይ? ብኸመይ? ንምንታይ? ዝብሉ ሕቶታት ዝምልሱ'ዮም፡ ንምኳኑ ምድላው ኢንሳይክሎፒዲያ መዓስ ተጀሚሩ፡

ብዙሓት ጸሓፍቲ ንወሩይ ግሪኻዊ ፈላስፋ ኣረስቶትል 'ኣቦ ኢንሳይክሎፒዲያ' ክብሉ ይጠቕሱዎ፡ ኣብ 300 ቅልክ ኣረስቶትል ዝተፈላለዩ ፍልጠታት ኣብ ሓደ መጽሓፍ ጠርኒፉ የዳሉ ምንባሩ ይዝረበ፡ እዩም ብኣረስቶትል ዝተዳለዉ መጽሓፍቲ ግን፡ ኣብዚ እዋንዚ ነም መወከሲ ኮይናዮ የገልግሉ የለዉን፡

ካብዚን ቀዳሞት ክሳብዚ እዋንዚ ነም መወከሲ ኮይና እተገልግል ዘለ ኢንሳይክሎፒዲያ፡ ኣብ ቀዳማይ ክዘመን ፕሲ ብዘተዳለለ ሮማዊ ዝተዳለወት ኢንሳይክሎፒዲያ'ያ፡ ፕሲ ነዚ ዝተጠቕሰ ዕሉት ዘዳለዋ 37 ቅጽታት (volume) ዝሓዘት መጽሓፍ ባህርያዊ ታሪኽ (natural history) ዝብል ኣርእስቲ'ዩ ሂብዋ ነይሩ፡ እታ መጽሓፍ ቡዑኣዋኑ ብዘተዝበረለ ምምሕሳሽ 49 ግዜ ነም እተሓትመት ይሕበር፡

ኣብዚ እዋንዚ መጽሓፍ ኢንሳይክሎፒዲያ ብሬደሳት ተነሊያም ይርከብ፡ እዚ ኸኣ ዝደለኻዮ ሓበሬታ ብቐሊሉ ክትረክብ ይሕግዘሉ፡ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ዝዳለዉ ዝሰዩ ኢንሳይክሎፒዲያታት ግኑ፡ ነም ድሉት እቲ ጹሓፊ ተርታ ይሕዙ ስለ ዝሰዩ፡ ንምወትሖም ብዙሕ የሸኖ ነይርምዩ፡

ብሬደሳት መሳርዕ ዝሓዝ ኢንሳይክሎፒዲያ ኩዳሉ ዝጀመረ ናይ መጀመርያ ጹሓፊ ጆን ሃንስ ዝተባህለ እንግሊዛዊ ካህን እዩ፡ ንሱ ነታ 'universal English dictionary of art and science' ክብል ዝሰመያ ኢንሳይክሎፒዲያ ኣብ 1704 እዩ ኣዳልዩዋ፡ 'encyclopaedia britannica' ዝበሃል መጽሓፍ ኣብ 1708 እዩ ኣብ ስኮትላንድ ኩዳሉ ጀሚሩ፡

ካብ 1911 ንደሓር ኸኣ ኣብ ኣመሪካ ክሕተም ቡቕዑ፡ 1917 ድማ 'World book' ተሓቲሙ፡ ኣብቲ እዋንቲ 8 ቅጽታት ጥራይ ነይሩዎ፡ ካብ 1918 ቡቦዝዚኡ ብዘተዝበረለ ምምሕሳሽ ኸኣ ኣብዚ እዋንዚ 22 ቅጽታት ሃልይዎ ይዳሎ ኣሎ፡

ፒራንያ

ፒራንያ፡ ነም መሳጸ ዝምብልሓም ኣሰናን ዝወንጭ ዓሳታት ኩይናም ኣብ ቀላያትን ኣፍላጋትን ምብራቕ'ውን ሶሜናዊ ምዕራብን ደቡብ ኣመሪካ ይርከብ፡ ነም ኣብ ፊልምታት ሆለወድ ዝወፃሉዉ ኣብቲ ዝሰበሩሉ ማዮዊ ኣካል ንዝኣተወ ሰብ ይኹን እንስሳ መናጨቶም ኣብ ወሓሎት ደቓይቕ ኣዕጽምቲ ጥራይ ከስርፁዎ ዝኽእሉ ሓደጋታት ኣሪዊት እየዮ፡ ስለዚ፡ ፒራንያ ኣብ ዝኾነ ምንጪ ማዮ ብዘይተጸንዐ ኣንክብ እንተተኣታተየም ኣብ ብዙሕሉት እንስሳ

ሓደጋ ሳዕበን ከኸትሉ ይኽእሉ፡ ንኣቡት ንብዙሓት መባዕላውያን ዓሳታት፡ ምድረ-ማያዉያንን ካልኦት ኣብ ማያት ዝሰብሩ እንስሳታትን ከጥፍኡ ወይ ከጠፍጡ ይኽእሉ፡

ኣብ ዓለም እንተ ውሓዱ 25 ዓሌታት ፒራንያ ኣለዉ፡ ጸፍሕ ዝበለ ቅርጺ ከኣ ዘለዎም ኩይናም፡ ዳርጋ ኩሉም ዓሌታት ንእስ ዝበለ ኣካላት ይወስኑ፡ ዝበዝሑ ካብኦተም ካብ ቀጽላዊ ወይ ብዙሓዊ ክሳብ ድሙቕ ሶማዊ ሕብሪ ይወስኑ፡

ፒራንያ፡ ዝበዝሐ ግዜ በይናም ይንቀሳቐሰን መገዝም ይምኢርሩ፡ መገዝም ፍረታትን ኣትክልትን ዓሳታትን የጠቓልሉ፡ ፒራንያ ስለ ኮይናም'ውን ይገዛዙ እየዮ፡ ስለ ፒራንያ ነም ኣብ ሳዕሊ ዝተጠቕሰ ንኣብኦተም ዝዓብዩ እንስሳታት ኣጥቂዮም ክምገቡ ይኽእሉ፡ እዚም ዓሳታት ብመገሪፌ ዓሳ ገርጊ ንኽትሕዝም ኣሰገርቲ እየዮ፡ እቲ ምኽንያት በተም ቦኣቲ ኣሰናናም ተጠቒሞም ኣቲ ሰኪዓት መገሪፌ ዓሳ ብምብታኽ ክዘልቁ ስለዝኽእሉ፡

መዓልቲ - ' ሳማርቲያ ካልያናማ '

እቲ ክፍሊ ብዘተፈላለዩ ነገራት ተሸሊሙ ኣሎ፡ ዕዱማት ናብቲ ገዛ ይኣትዉ ኣለዉ፡ መዓልቲ 'ሳማርቲያ ካልያናማ' ስለ ዝኾኑ፡ ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ታማል 13 ዓመት ስለ ዘኣኸለት ሰበይቲ ኣኸላ ኣሉም ዝኣምነላ መዓልቲ'ያ፡

እታ ጓል-ኣንስተይቲ ክሳብ ዕለተ ብጽሕንኣ ምሉእ ክፍን ወይ ነፃቻ ምስ ኾነ ብምልባ'ያ ዕድማኣ እተሕልፈ፡ ዕለተ ብጽሕናኣ ኣኸሉ ኩሉም ዕዱማት ምስ መጹ ግኑ፡ ብመጋረጃ ኣብ እተዳለወ ፍሉይ ክፍሊ ትኣቱ፡ እተን ምስኣ ኣብ መጋረጃ ዝኣተዋ ዝኸምላ ሰበይቲ ክፍን ኣወጻኦን ቡቲ ኣብ ሓመሽቱ ዓታሩ ዝተዳለወ ዝተባረኸ ማይ ነብሳ ይሓጽብኣ፡ ኣብዚ ህሞት'ዚ እየም ኣብ ካልእ ክፍሊ ዘለዉ ካህናት ኣመንቲ ሂንዱ ክጽልዩ ይጅምሩ፡ እቲ ናይ ኣዴታት - ሳሪ - ነፀኡ'ውን ካልእ መጋጾሊ ሸልማት ከኣ ይወሃቡ፡

እታ ጓል-ኣንስተይቲ ነብሳ ምስ ተሓጸበት፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ተኸዲናቶ ዘይተፈልጡ ንመጀመርታ ግዜ ኣብታ ዕለት እተኣ ትኽደኖ ዘላ ክዳን ኣዴታት - ሳሪ - ተኸዲና ንደገ ትወጽእ፡ ኣደን ሓፍታኑ ነቲ ዝበርህ ሸምዓ እተሰቐሎ ብፍሉይ እተዳለወ ሽኮራዊ መገዲ ሓዘን ይሰዕቡኣ፡ ኣብ ርእሳ ድማ የኸልልኡ፡ በዚ ድማኑ ሓጥያታ ኣሊናላ ይብሉ፡ ብድሕሪ'ዚ እታ ዕለተ-ብጽሕንኣ ተብህል ዘላ ጓል-ኣንስተይቲ ዕዱማት ናብ ዘለዉዎ ክፍሊ ትኣቱ፡ ዕዱማት 'እንቋዕ ኣብዚ ኣብቅዓኒ' እናበሉ ነቲ ሐዘመላ ዝመጹ ህያብ ክህቡዋ ይጅምሩ፡ ካብዚ ዕለት እዚኣ ኩሉም ዕዱማት ሰበይቲ ነም ዝኣኸለት ይኣምሩ፡

ምንጪ፡ ቻይልድ ክራፍት

ጥቕሲ ልቦና

"ህይወት ልክዕ ነም ዓፍራ ' ያ፡ ኣብኣ ግና፡ ክልተ ነም እምኒ ዓረ ዝምትራሮም መሃርቲ ነገራት ነም ዓንዲ ቆይሞም ኣለዉ፡ ኩሉ ግዜ ድማ፡ ኣብ ናይ ካልኦት ጸገም ለውሃት፡ ኣብ ናይ ገዛእ-ርእስና ጸገም ከኣ፡ ትብዓት ክህልወና ይግባእ፡"

ኣዳም ጎርደን

መልሲ እተመሳቐለ ቃላት

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

መ	ረ	ብ		ጕ		ሰ		መ	ረ	ቅ	
	ሳ		ቤ	ላ		መ	ለ	ሳ		ን	ሳ
ክ	ሕ	ደ	ት		ባ	ር		ል	ማ	ፍ	
ል		ጊ			ና		ፋ	ል		ዝ	ላ
ኩ	ር	ም	ቲ			ሚ	ሰ		ሊ		ህ
ል	ባ		ፍ	ደ	ራ			ኣ		ግ	መ
	ዕ		ዞ		ብ	እ	ም	ነ	ት		ት
ኣ		ቅ		ኣ	ሃ	ወ	ተ		ፋ	ሰ	
ሃ	ሚ	ል		ሃ	ይ		ሃ	ማ	ጺ		ዕ
ር		ሰ	ራ	ዝ		ኣ	ወ	ል		ሰ	ም
መ	ሃ		ህ		ቀ	ለ	ተ		ሃ	ረ	ብ
መ	ው	ረ	ዲ		ሰ	መ		ሊ	ሶ		ረ

ደብዳበ ፍቕሪ

ክትፍቀር ዝግበኣካ ሰብ'የ ኣፍቂረ

ዓለመይ፡ ኣብ ልበይ ዘሎካ ቦታ ልዕሊ መዓሙቕ ማያትን ርሕቀት ሰማይን'ዩ ዝልኣሎ፡ ንዝነስኦካ ኣብ ልበይ ምስ ኣወጀ መንፈሰይ ቅሳት ዝበዝል ተሓረሙም፡ ብኣኻ እንተዘይኮይኑ ብኻልእ ምሕሳብ ኣቋረጸ'የ ነይሩ፡ ንኹነታተይ ዝተዓዘበት መሓዘይ ግን ንጽምዋይ ናብ ዲቕ ዝበለ ሓጎስ ዝሕፈሶ ፍቕሪ ኣቢሉዩ፡

ከይፈለጥኩኻ ዘፍቀርኩኻ ብሕፍረት ግን ነብሳይ ዝወጸኩሉ ምንባሪይ ትዝክር ኢኻ፡ ሕጂ ክብዚ እንከለኹ ሰቕ ኢለ ነይረ እንተ ዝኾውን እዚ ኹሉ ምሃኻ ዘሕልፎ ዘለኹ ወለላ ህይወት ብቓዝ ምተተኳእ ነይሩ ማለት'ዩ፡ ሳ'ታ ናይ ልቢ መሓዘይ ግኑ ንፍቕሪ ብምልኣት ከስተማቕራን ክድህሰነን በቕዕ'ዩ፡

ካብ ልብታትና ዝፍልፍል ዘሎ መንፈሳዊ ፍቕሪ ዝልኣለም ነም ዝዘሪ ርግጽኛ'ዩ፡ ኣብ መንነ ክልቴና ዘሎ ምኽባርን ሓልዮትን ደምቀቱ ካብ ካልኢት ናብ ካልኢት ብምሕዮሉን ንናፍቕትና ብምንጽብራቕኑ ምስኮሩት ሓቀኛ ፍቕሪ ኣብ መንፈስና ተሰሪቱ ምህላዉ ዘረጋግጽ እዩ'ሞ፡ ካብዚ ዝዀነ ጸጋ የለን፡

ቃልካን ተግባርካን ብሓደ ተሳጋጽም ዝኸፉ ብምኳናም ነም ጓል ንዝለኢ ጸቕጢ ሰድሪብኪ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ትገዳዝ ብምኳንኑ ካብቲ ኣቕዲመ ዝዝርፈካ ዝዘርኩ ዝያዳ ኣብ ልብይ ቦታ ንኽትረክብ ኣኽኢሉኻ'ዩ፡ ወትሩ ድማኑ ኣብ ጎድንኻ ክህሉ እብሆኑ፡ እናኽረኽበካ መለሰ ብናፍቕትካ እሕመሰ ቢቀ! ክትፍቀር ዝግበኣካ ሰብ'የ ኣፍቂረ፡

ኣብ ምስእ ዕድመይ ርእየዮ ዘይፈልጥ ሓገሰ ምሳካ ከስተማቕሮ ስለ ዝኸኣልኩ ኣመሰገነ ኣይጸግበኩን'ዩ፡ ጣዕሚ ህይወት ኣብኻ ርእየዮ'ዩ፡ ልዕሊ ዝኸሓ ትርድኣኒ ብምኳንኑ ብዘይ ቀልዓለም ልቢይ ናይ ዘልኣለም ንገሰይ ክትትወን ከም ዝሓረየትካ ድማ በዚ ኢጋጥሚ ከበሰርካ እፈቱ፡

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

ኣብ'ታ ዘለኻያ ስራሕ ጸብቐ!

ኢንጂ. ማዓሾ ተወልደ

ንምዕባለን ስልጣነን ሓንቲ ሃገር እቲ ዝጻዓዩን ወሳንን ዓቕሚ ሰብ እዩ። ኩሉ መዳያዊ ዕቤት ብትዕድልቲ ካልኦት ጸጋታት ክረጋገጽ ኣይክእልን። ጸጋ ዓቕሚ ሰብ ንኩሉ መዳያዊ ዕቤት መሰረታዊ ረቛሒ እዩ። ሰብ እዩ ንኹሉም ጸጋታት ዘማዕብሎምን ኣብ ጥቕሙ ዘውዕሎምን ንምዕባለ ዘምጽእን ዘፈጥርን እምብኣር ሰብ እዩ። ምዕባለ ንሰብ ኣይመጽን ወይ ኣይወሃብን እዩ። ባዕሉ እዩ ዝፀቅዮ። ሰብ፡ ንምዕባለ ከምጽእ፡ ክበቕዕ ከኣ ንሱ ቅድም ክኣቕሕን ክውደብን ክምዕበልን የድልዮ። ብዘይ ግቡእ ውዳበን ምሕደራን ጸጋ-ሰብ ከኣ ክብጻሕ ዝኽእል ዓይነት ምዕባለ ከም ዘየለ ርዱእ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ግን እቲ ውልቀሰብ ዝሀልዎ ፍልጠት፡ ክእለት፡ ጥበብ፡ ንቕሓት፡ ልቦና፡ ዋንነት፡ ተሓታትነት፡ ኮታ ኩሉ ዓይነት ብቕዓት እዩ ወሳኒ። ዝኾነ ውልቀሰብ ኣብ ስርሑ ዘለዎ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ንዕቤት ሕብረተሰብ ክሳብ ክንደይ ወሳኒ ከም ዘለዎ ልዑል ርድኢት ምስ ዝሕድር ቀጻልን ውሑስን ዝኾነ ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ብኣደናቒ ቅልጣፈ ክረጋገጽ ይኽእል።

ዝኾነ ሕብረተሰብ ብደረጃ በጺሕዎ ዝርከብ ደረጃ ምዕባለ ዝሀልዎ ብዝሕን ዓይነትን ዝትግበር ስርሓትን ዝሕልፎ ደረጃ መትዩብርን ካብ ካልኦት ክፍለ ንብር እዩ። ነጠርካ ክብጻሕ ዝኽእል ደረጃ ምዕባለ ስለ ዘየለ ኸኣ ደረጃ ብደረጃ ክስጉም ብባህሪ ዕቤት ግዱድ እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ዝሰርሕ ውልቀሰብ ከኣ ብደረጃ እቲ ንሱ ዘማዕበሎን ዘበርኽተሉን ዘሎ ሕብረተሰብ ክኩበርን ክሰርሕን ግድን እዩ። ምዕባለን ዕቤትን ሕብረተሰቡ ዘገድሶን ከም ዕላማ ዝወስዶን ውልቀሰብ ብደረጃ ምዕባለ ሕብረተሰቡ እናነበረ ንለውጥን ዕቤትን ዘይሰርሓሉ ምኽንያት የብሉን። ሕብረተሰብ ብጻዕርን ተወፋይነትን ኣብ ስራሕ ዝተዋፈሩ ሰባት ከም ዝጸቢ ንዝፈልጥ ሰብ ብሩህ ነገር እዩ። ካልእ ተፈጥሮኣዊ ሓቂ'ውን ኣሎ። ሰብ፡ ኣብ'ቲ ዘለዎ እዩ ዝህሉ። ኑቲ ዘውቅሎ ጥራይ እዩ ዘውቅል። ስለዝኾነ፡ ሰብ ኑቲ ዝሓዞ ስራሕ ክጸብቕ፡ ክዕቢ፡ ክጸፍፍ፡ ክዐውት እንክሎ እዩ ዝኩበር። ንሱ እዩ ህይወት። ኣብ ዝሓዞ ስራሕ፡ ኣብ ዘለዎ ቦታ ናይ ብሉጫ ዘይህሉ፡ ኣብ ምፍራይን ኣበርክቶን የለን። ሓደ ሰብ ካብ ኣበርክቶን ኣገልግሎትን ክኩር ከኣ ኣብ ምዕባለ ሕብረተሰብ ክውሰኽ ዝግበኦ ዕቤት ይተርፍ። እቲ ሓደ ሰብ መሰረት ዕቤት ስለ ዝኾነ።

ስራሕ ሕብረተሰቡ፡ መርበባዊ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ተመላላኢ። ስለዝኾነ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ዘለዎ ስራሕ ዝኩብሮ ጽፈትን ዝህቦ ፍረን ንውሁድ ዕቤት ወሳኒ እዩ። ድኽም ናይ ሓደ ሰብ ኣብ ዕቤት ሕብረተሰብ ዘውርዶ ሃሲያ ንማዝም ሰብ ብቐሊሉ ዝርድኦ ኣይኮነን። ደምር ንጥፈታት ሕብረተሰብ ዓቢ ስለዝኾነ፡ ናይ ሓደ ሰብ ኣበርክቶ ምውሳኽን ምጉዳልን ብኣሃዝ ርኡይ ኣይኮነን። ብዕምቆት ርድኢት ጥራይ እዩ ዝብጻሕ። ሓደ መንደቕ በዞን ነንሓድሕደን ዝተጎጣጠማ ኣእማን እዩ ዝቐውም። ድልዳለኡ'ውን እንተኾነ ብድልዳለ ሓንቲ እምኒ እዩ ዝዕቀን። ምንቃዕ ወይ ምፍሽራኽ ናይ ሓንቲ እምኒ ወይ ናይ ክልተ ወይ ከኣ ናይ ሰለስተ ኣእማን ኑቲ መንደቕ ክሳብ ክንደይ ሃጓፍ ይፈጥረሉ ንምግማት ኣይንጸገምን። ኣበርክቶ ሓደ ሰብ ድማ ኣብ መርበባዊ ስራሕ ሕብረተሰብ ከምኡ እዩ። ክንደይ ሰብ ኣሎ ንዘሰርሖ ስራሕ፡ ንዘውንኖ ፍልጠትን ክእለትን ንዘለዎ ጥዕና፡ ንዘውንኖ ሃብቲ፡ ንዘሎ ፍቕርን ሓልዮትን...ወዘተ ናቱ ጥራይ ዝመስሎ። እቲ ኩሉ ናይ ሕብረተሰብ ምኻኑ ዘፈልጥ ኣስፊሑ ዝሓስብ ጥራይ እዩ። እቲ ናይ ሕብረተሰብ ምኻኑ ዝፈልጥ ከኣ እዩ ብዝለዓለ ዝጥቀመሉን ኣብ ዕቤት ዘውዕሎን።

መንእሰይ፡ ኣዚ. ሓሳብ እዚ. ብጋንኡ ክርድኦን ኣብ ግብሪ ከውዕሎን እንክሎ ኑቲ ዝበሀጎን ዝደልዮን መጻኢ. ሃገሩ ንምስማር ተኽእሎኡ ብዝዓጸፈ እዩ ዝዓቢ። ንዕቤት ሃገሩ በቲ ኣብ ስራሕ ዘጥፍኦ ግዜ፡ በቲ ብጽፈት ዝህቦ ኣገልግሎት፡ በቲ ዝህቦ ብዝሒ ኣፍራይነት፡ በቲ ዘለዎ ንቕሓትን ተወፋይነትን ከም ዝድርኾ ዝፈልጥ መንእሰይ ኣብ'ታ ዘለዋ ስራሕ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምኻኑ ብምርዳእ ተርኡ ይጻወት። ጽኑዕ ሓደ ሰብ፡ ጽኑዕ ሕብረተሰብ እዩ። ብጽፈትን ብብቕዓትን ዝዐየ ስራሕ ከኣ ንዕቤት ሕብረተሰብ እዩ። ውልቃዊ ብቕዓት፡ ውልቃዊ ፍልጠትን ክእለትን ምስ ናይ ካልኦት ብልጫታት ተደሚሩን ተመላሊኡን ንጽኑዕን ዕቤትን ብዙሓት የገልግል። ኣብ'ታ ዘለኻያ ስራሕ ብቑዕን ብጽፈት ኣገልግሎት ትህብን ሰብ ምኻን ሃገራውነት እዩ። ፍቕሪ ህዝቢ ዘለዎ ሰብኣውነት ኣለዎ። እዚ. ክራብሕ እንክሎ እዩ ኸኣ ጽኑዕ ጽኑዕን ዕቤትን ሕብረተሰብ ዝንድቕ።



ምስ'ቲ ዝፈትዎ መምህረይ ብዛዕባ ከም'ዚ. ዓይነት ኣርእስቲ እናኣዕለልኩ "ኣብ'ታ ዘለኻያ ስራሕ፡ ኣብ'ታ ወሃብኩ ግዜ ንስኻ ወከል ሃገር፡ ወከል ሕብረተሰብ ኢኻ። ነታ ስራሕካ እንተ ኣጸቢቕካያ ሕብረተሰብካ ኣጸቢቕካ፡ ኣጸቢቕካ እንተ ኣዕበኻያ ሕብረተሰብካ ኣዕቢኻ። ብኣኻ ዝቐመ ነገር ንስኻ ዝኾንካዮ እዩ ዝኸውን። ነታ ዘለኻያ ስራሕ ብብቕዓትን ጽፈትን ብምሉእ ተወፋይነትን ተሓታትነትን ዘይትሰርሓ እንተዄንካ ብዛዕባ ምዕባለ ሕብረተሰብካ ክትሓስብ፡ ክትዛረብን ክትሰርሕን ኸኣ ኣይብቃዕካን። ምዕባለ ሃገርካ፡ ኣብ ኑብሰካ ረኣያ። ሃገርካ ብኣኻ ስለትዓቢ.ን ትምዕበልን" ናብ'ቲ ኣብ ቅድሚኡ ኣብ ኩቡሒ ተሰቒሉ ዝነበረ መጻሕፍቲ እናረኣየ ብዕምቆት እናተዛረበ፡ "ኣየኽበድካዮ'ን'ዶ፡ ከመይ ዓይነት ስራሕ እዩ" ብምባል ሓተትኩዎ።

"ኣብ ኩሉ ዓይነት ተግባራት ዘለዉ ሰባት፡ ወክልና ሕብረተሰብ ኣለዎም። ኣቡኑ ክህነ፡ ተመራማሪ፡ ጋዜጠኛ፡ ጸሓፊ፡ ሰ-ጥበበኛ፡ ሓኪም፡ መምህር፡ ኮነ ወተሃደር፡ ሓረስታይ፡ ኣመሓዳሪ፡ ነጋዳይ፡ ኣጽራዪ፡ ተመሃራይ፡ ስፖርተኛ. . . . መቸም ዘርዚርካ ኣይውዳእን እዩ። ዓብን ንእሽተይን ዝበሃል ስራሕ ኩሉ ስለ ዝጠቅም ኢና ንሰርሖ። ኣብ ዕቤት ሕብረተሰብ ስለዝድመር ዝናዓቕ የለን። ቡቲ ንእሽቶ ዝመስለካ ምጽራይን ምስፋይን ጫማ ከረደኣካ፡ ጫማ ክጽሪ ኣብ ወሰን ጽርግያ ስራሕ ዝጀመረ ሰብ፡ ንብዙሕ ሰብ ስለተድሊ. እዩ ጀሚሩዋ። ትፃኝቕ ኣይኮነትን። ብዘዋግእ ድማ ክትትግበር ኣለዋ። እቲ ኣብኣ ዝሰርሕ ድራሩን ድራር ስድርኡን ሐዙ ይኣቱ። ገለ ኣካል ሕብረተሰብ ተደሪርም ኣለዉ። እቲ ንሱ ከጽርዮንን ክሰርሓንን ዝውዕል ጫማታት፡ ክንደይ ግዜ ሰጉመን፡ ክንደይ ግዜ ሓጎስ ፈጢረን፡ ኣብ ክንደይ ኣብያተ ጽሕፈትን መሰልጠኒ ማእከላትን መዘናግዒ ማእከላትን ኣትየን ግርማ ይህባ፡ ኣጸራርያ ጫማ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ከመይ እዩ እንተበልካ፡ በዚ. ሰብ እዚ. ኢና ንውከል። ቀሊል'ዶ ይመስለካ፡ ኩሉ ሰብ ወልዋሊ. ጫማ ክኸውን ስለ ዘይክእል፡ ንሱ ወኪል ናይ ኩሉ እዩ። ኣጽሪፉ ክኩብራ ኩሎ ድማ ንምዕባለ የበርክት ኣሎ" ኢሉ ቅሩብ ኣዕርፍ ኣበለ። ኣነ ኸኣ፡ "ብሃገራውያን ጋንታታት ስፖርት ዝያዳ ወክልና ሃገር ዝመስለኒ ዝነበረ፡ ሎሚ ኣብ ኣስመራ ጫማ ዘጽርዩን ዝሰፍዩን'ውን ብኽምኡ ዓውድስ ወከልትና እዮም" ኢለ ብዛዕባ ብዙሓት ዓበይትን ንኣሽቱን ዕዮታት ወክልንኦምን ኣብ ዕቤት ዝህልዎም ኣበርክቶን ሓሰብኩ።

"ዝኾነ ሰብ ኣብ'ታ ዘለዋ ስራሕ ወኪል ሕብረተሰቡ ምኻኑ ምፍላጥ'ሲ ኣኻሊ ድዩ" ብምባል ሕቶ ወሰኽኩ። "ወኪል ሕብረተሰብ ምኻንካ ምፍላጥ ዝህቦ ጥቕሚ ቀሊል ኣይኮነን። ዝያዳ ትሰርሕን ሓላፍነት ትስከምን ኢኻ። ነታ ዘለኻያ ስራሕ ከተጸብቕ ከኣ ክእለትካን ኣተሓሳስባኻን ሓፍ ተብል። ካልእ ከኣ ንስኻ ኣብ'ታ ዘለኻያ ስራሕ ወኪል ምኻንካ እንተፈሊጥካ፡ ኣብ ካልእ ዓይነት ስርሓት ከኣ ብኻልኦት ተወኪልካ ይሰርሓልካ ከም ዘሎ ክትርዳእ ኣለካ። ሕብረተሰብ ከኣ ኣብ ኩሉ ዓይነት ስራሕ ዘለዉ ሰባት ወኪልቱ ምኻኖም ፈሊጡ፡ ንምዕዛዞም ክሰርሕን ክኩብርን ኣፍልጦን ክህበን ግቡኡ እዩ። ሓደ ሰብ ንኹሉ ዓይነት ሞያታት ክበቕዖን ክሰርሖን ስለዘይክእል፡ ኣብ'ቶም ንሱ ዘይጸዓም ስርሓት ብኻልኦት ተወኪሉ ከም ዘሎ ክርዳእ ጽቡቕ እዩ። ንኻልኦት ኣየዳኽምን፡ ኣየናሹን፡ ኣይጸርፍን እዩ። ንወከልቱ ዝጸረፍ ኑብሱ እዩ ዝጸርፍ" በለኒ። ኣነ ኸኣ ጽቡቕ ተረዲኡኒ ኢለ ተሓጕሰኩ። ኣቡኑ ከኣ ኣቕረብኩሉ።

"ሰ-ጥበበኛታት ናይ ሓንቲ ሃገር ወከልቲ ህዝቢ እዮም። እታ ሃገር ብሰ-ጥበብ ክትጽዋዕ እንከላ ንኣቶም እዮም ዘለዉ። ኩሉ ሰብ ሰ-ጥበበኛ ክኸውን ስለ ዘይክእል፡ ወከልቲ ዝኾኑ ሰ-ጥበበኛ የድልዩ። እወ ብሕሹኽታን ብጽውታን 'ኣንታ ሰ-ጥበበኛ ኣብ'ታ ዘለኻያ ስራሕ ንሕብረተሰብ ወኪልካ ኣለኻ'ሞ ብዝበለጸን ዝጸፈፈን ስርሓ። ኣንታ ሕክምናዊ ኣገልግሎት እትህብ ብዓል ሞያ፡ ወኪል ሕብረተሰብ ኢኻ'ሞ ኣብ'ታ ዘለኻያ ጸብቐ። ንስኻ'ውን ኣብ ካልእ ሞያታት ብኻልኦት ኢኻ ተወኪልካ ዘለኻ፡ ዘዙሓዝናዮ ምስ ኣጸበቕና ኢና ንጸብቕ!' ዝብል ቃል ኣብ እዝኒ ኩሉ ኣፍራዪ እናበጽሐ ሓይሊ. ይሰምዓኒ።

ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ኩሉ ሰብ ንሓደ ሞያ ክሰርሕ ኣይክእልን። ምዕባለ ሕብረተሰብ ናይ ኩሉ ሰብ ስራሕ እናጸፈፈን እናጸበቐን ምስ ዝኸይድ እዩ ኣብ ዕ(በ)የት ዝስጉም። ምዕባሌ፡ ኣብ'ታ ዘለኻያ ስራሕ ምስ ትርኢ፡ ኣብ ኩሉ ተዘዚሓ ክትጸንሓካ ኢያ። ኣብ'ታ ዘለኻያ ስራሕ ግዜኻን ግዜ ተገልገልቲኻን ተጥቕም እንተኺንካ፡ ምዕባለኻን ምዕባለ ሕብረተሰብካን ትጎትት" ምስ በልኩዎ፡

"ተረዲኡካ ኣሎ። ክትፈልጦ ዘለካ ኸኣ ዕድሜኻ ኣቐሚጥካ ትገብሮ ዓይነት ተዋስኦ ህይወት የለን። ኣብ'ታ ዘለኻያ ስራሕ ትገብሮ ሸለልትነት፡ ብዘኾነ መንገዲ ምኽኑይ ኣይኮነን። ዕሸነት እዩ። ወፈርካ ኣለኻ፡ እታ መዓልቲ'ውን ትኑበራ ኣለኻ፡ ኣብ ዕድሜኻን ዕድመ ሕብረተሰብካን ቀ-ጽርቲ ኢያ። ጸባሕ ናይ ጸባሕ'ምበር ናይ ሎሚ ክትክኣ'ውን ኣይትኽእልን ኢያ። ንስኻ ኣብ'ታ ዘለኻያ ስራሕ፡ ኑቲ ሞያ ተፍቅሮ እንተ'ኺንካ ኑዮም ተገልገልቲ'ውን ከተፍቅሮም ግድን እዩ። ነጻሊልካ ምርኣይ ኣየማዕብልን እዩ። ንስኻን ስራሕካን ሕብረተሰብካን ኣይነጻጸሉን እዮም። ስራሕ ክጠምረኩም እዩ። ንሱ እዩ ከኣ ዘማዕብል። ምናልባት ዝበለጸ እትብሎ ስራሕ እንተሃልዩ፡ ዝበለጸ ኣገልግሎትን ኣበርክቶን ክትገብረሉ ደኣ ጸዓር እምበር መመኽንታን መሻኸዕለልን ኣይትጠቀመሉ። ንስኻ ዘይትኽእሎ ካልኦት ሰባት ይገብሩልካ ከም ዘለዉ ዘከር። ኣብ ሕብረተሰብ ተመላሊእካ እዩ" ብምባል ተወሰኸ. ሓሳብ ሃበኒ።

ናብ ዕቤት ዝወስዱ ተግባራት ሕብረተሰብ መርበብ ንጥፈታት እዮም። ኣብ'ቲ መርበብ ከኣ ዘየገድስ ኣካል የለን። ኩሉ ዝተዛመደን ተማላላእን እዩ። እዞም ተግባራት ከኣ ካብ'ቲ ሓደ ኣሃዱ ሕብረተሰብ ዝኾነ ሰብ ተበጊሶም እዮም እናተኣከቡን እናተደመሩን እናተማሓየሹን ፍረ ዝህቡ። ውቅያኖስ ብብዙሕ ብንጡብጣብ ማይ ከም ዝቐመ ንዘይፈልጥ ኣበርክቶ ሓደ ሰብ ኣብ ሕብረተሰብ ግር ክብሎ ይኽእል እዩ። ግና ንሱ እዩ እቲ ኣገዳሲ ኣሃዱ። ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ኣብ ዘዙሓዞ ዕዮ ዝገብሮ ጻዕርን ዝፈጥሮ ጽባቐን እዩ ምዕባለ ዝፈጥር። "ኣብ'ታ ዘለኻያ ስራሕ ወኪል ሕብረተሰብ ኢኻ ወኪል ሃገር ኢኻ!" ክበሃል ከሎ ከኣ ኣዘዩ ኣብ ስራሕና፡ ኣሰራርሓናን ኣፍራይነትናን ብትኹረትን ብሓላፍነትን ከም እንመላለስ ይጉበረና። ኣብ ስራሕና ብእንገብሮ ቅልጣፈ ምዕባለ ሕብረተሰብና ንቕልጥፍ ምህላውና ምፍላጥን ምርዳእን ሓላፍነታውያንን ብቑዓትን ከም ዝጉበረና ኣየጠራጥርን። እዛ ኣንቢብና ንሓስበላን ክተማቕራን ዘለና ጽሑፍቲ'ውን ካብ ሓደ ኣካል ሕብረተሰብና ዝፈረየት ስለ ዝኾነት ንብቕዓትና ትውክለና ኢያ። እንተጸቢቓ ጽባቐ ሕብረተሰብ ኢያ። እቲ ምንባብ'ውን ተግባር ስለ ዝኾነ ናብ ምዕባለ ሕብረተሰብ ዝድምሮ፡ ዝመልአ ነገር ኣለዎ። ኣዚ. ዝህልወና ጽባቐን ብልሓትን ከኣ ጽባቐን ብልሓትን ሕብረተሰብ እዩ። ንምዕባለን ስልጣነን ሕብረተሰብ፡ ኣብ'ታ ዘለኻያ ስራሕ ጸብቐ! ብቓዕ! ምዕባለን ስልጣነን ሕብረተሰብ ብኣኻ ስለ ዝመጽእ፡ ንኣብኡ፡ ቀባኣይ ዲኻ! ብሉጽ ኩን! ሓደ ኣይኮንካን ብዙሕ ኢኻ፣ ንእሽቶይ ኣይኮንካን ዓቢ. ኢኻ፡ ዕቤትካ ንብዙሓት እዩ ዘውክል።

ኣለበምቲ ዛንታታት

እወታዊ ኣተሓሳስባ

ጄሪ ርእይ እንክተብሎ ዝጽልኣካ ዓይነት ሰብ'ዩ። ግና ኩሉ ግዜ ኣብ ጽቡቕ ሙድ ኢኻ ትረኽቦ። ካብ ልሳኑ ግድን ኢኻ እወታውያን ኣነቓቓሕቲ ቃላት እትረክብ። ፍሉይ ማናጀር እዩ። ካብ ሓንቲ ቤት መግቢ ናብታ ሓንቲ ክቕይር እንከሎ፡ ብዙሓት ኣሳሰይቲ ምስኡ'ዮም ዝቕይሩ። ምኽንያቱ ኣተባባዒ ባህሩ፡ ኣቀራርባኡ፡ ኣተሓሳባኡን ንቕሓቱን ይምስጥ ስለ ዝኾኑ። ኣካያዳኡ ኩሉ ግዜ'ዩ ዝዓጅበኒ። ሓደ መዓልቲ ናብ ጄሪ ከይደ፡

"ናትካ ነገር ኣይርድኣንን እዩ። ኩሉ ግዜ እወታዊ ሰብ ክትከውን ኣይክኣልን እዩ?" በልኩዎ።

"ንግሆ ንግሆ ክትንስእ እንከለኹ ንነብሰይ ሓደ ነገር የዘኻኽራ። 'ጄሪ ሎሚ ክልተ ምርጫታት ኣለካ... ብጽቡቕ ሙድ ክትውዕል ወይ ከኣ ሕማቕ ሙድ ሒዝካ ክትውዕል፡' ይብላ። ኣብ ጽቡቕ ሙድ ክውዕል ድማ ይመርጽ። ሕማቕ ነገር ከጋጥም እንከሎ ግዳይ ናቱ ክኸውን ክመርጽ ይኽእል'የ፤ ወይ'ውን ካብኡ ክመሃር ክመርጽ ይኽእል እየ። ዝኾነ ሰብ ናባይ መጺኡ ክጠርዕ ወይ ክማርር እንከሎ፡ መረረኡ ክቕበሎ ክመርጽ እኽእል'የ፤ ወይ'ውን ንእወታዊ ወገን ናይ ህይወት ክጥምት እኽእል'የ። ኣነ ኩሉ ሳዕ ኣብ እወታዊ ወገን ናይ ህይወት'የ ክኸውን ዝደሊ፡" በለኒ፣

"ጽቡቕ ኣለኻ ጄሪ፣ ግን ክሳብ ክንዲኡ ቀሊል ኣይኮነን፡" ተቓወምኩ።

"እወ ቀሊል'ዩ፡" በለ ጄሪ፡ "ህይወት ኩላ ምርጫ እያ። ኩሉ ግዜ ኣብ ጫሌዳ መገዲ ኣለና። ኣየናይ መገዲ ንመርጽ ኣባና ይምርኩስ። ሰብ ንሙድካ ከመይ ይጸልዎ'ውን ኣብ ምርጫኻ ክቕልልን ክኸብድን ይኽእል። ጽቡቕ ሙድ ክህሉወካን ዘይክህልወካን ምርጫኻ እዩ። መወዳእታኡ'ውን እቲ እትነብሮ ኣብ ህይወት ትወስዶ ምርጫታት'ዩ።"

www.beststories.com

***

ጀሚል ስዒድ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ዕዮን ዓያይነትን ኣብ መጻኢ ስራሕ

ብወዳቦት ሃገሓኢ ብምኽንያት መበል 100 ዓመት ምስረታ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ (ILO)፡ "መጻኢ ዓለማዊ ስራሕ ናይ ሓደ ዘመን ተበግሶ" (Future of Work Centenary Initiative) ብዘብል ኣርእስቲ፡ ካብ 30 - ክሳብ 31 ግንቦት፡ ዓውደ-ዘተ ከም ዝተኻየደ ኣብ ናይ ቀዳም ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣቕሪብና ምንባርና ይዝከር።

እዚ ኣተኣኻዊ 'ግሎባዊ ኮሚሽን ኣብ መጻኢ ስራሕ' ብዕምቆት ንምርዳእ፡ ኣብ መጻኢ ስራሕ ምስ ሓያሎ መሳርፒ ኤርትራ ዝሰረሓሉ ባይታ ንምጥባኑ፡ ብዮሚቕ ዘተ፡ ድልየታት፡ ቀዳምነታት፡ ተኽእሎታትን ብድህያትን ኤርትራ ንምልላይ. . . ዝዓለመ ዓውደ ዘተ ኣብ ካልኣይ መዓልቲ፡ "ዝባዊ ሰላምን ሓዳሽ ተኽእሎታትን ንኣሪ ምዕባለ"ብዘብል ሰሚናር ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብርኣብ እዩ ፈሊመ።

ኣቶ የማነ ገብርኣብ

ኣቶ የማነ ኣብ ዘቕረቦ ሰፊሕ ሰሚናር፡ ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት፡ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብግዳማዊ ኩነታትን ናይ ሃገራት ወሽጣዊ ጸገማትን ተሓሚሱ ምጽንሑ፡ ህዝባዊ ግንባር ካብ ግዜ ናጽነት (1991) ኣትሒዙ ንቕዳው ሽርክነትን ምትሕግጋዝን ዘስሪፈ ፖሊሲ ከይለቕቕ፡ ንሰናይ ገርብትናን ምትሕግጋዝን ሓያሎ ዕማማት ከም ዘኣለጠ ብምግላጽ፡ ብሕልፊ ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ኩነታት ሰላም ዘይምንባር፡ ነዚ ዞባ ብዓቢ መጠን ከም ዝጸለዎ ብትንታነ ኣረዳኢ።

እዚ ሕጂ ተፈጠሩ ዘሎ ሰላም ኣቕዲሙ እንተ ዝሰፍኑ እዚን ሕጂ ብቕልወላው ዝሕመሳ ዘለዋ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ይኸና ክገጽኡ ካልእ መልክዕ ንኽሕዝ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዓቢ ተራ ክጽወታ ዕድል ከም ዝሰጠረ ዝጠቐሰ ኣቶ የማነ ኤርትራ ኣብ'ዚ ሰፊሕ ኣጠማምታ ኣተኩራ ክትሰርሕ ከም ዝጸንሐትን ትሰርሕ ምህላዋ ዘይቅየርን መትከሉውን መርጊኢ ምኳኑን ኣረጋገጹ።

ናጽነት፡ ሉኣላዊነት፡ ነጻ መስመር፡ ግዘኣታዊ ሓድነት. . . ሃገራት ወይ ህዝብታት ምትንፍፍ ዘይቅዳው ሳዕቤን ከም ዘኸትል ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ተመኩሮ ከም ዘግዝዶ ብምምልካት ድማ መንግስቲ ኤርትራ፡ ናጽነቱ ሉኣላዊነቱን ፖለቲካዊ መስመሩን ከየድሪፈ፡ ኣብ ዞባዊ ሽርክነት ንጠፍ ተዋሳኢይ ምኳን ብመትከል ከም ዝሰርሓሉ ኣስጊሩ። መሳረት ሽርክነትን ምትሕግጋዝ ሓበራዊ ረቡሓ ንምርግጋጽ ምምልላእን ምትሕግጋዝን ደኣ'ምባር "ደው በለለይ ኩበለጸልካ" እንተ ኾይኑ ንቕልወላውን ዘይምስናይን መንገዲ ዝኸፍት ከም ዝኸሓነ እውን ንሕሉፍ ኩነታት እዚ ዞባ ብኣብነት እናዝርዝረ ኣረዳኢ።

ድሕሪት ኣገዳሲ ሰሪሚ ዝኸሓ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኸሰተ ናይ ሽርክነትን ምትሕግጋዝን ተብዮታት፡ ኣብ ኑብኡወስፍ ሃገር ናይ'ዚ ዞባ ናይ ልምዓት ዕድላት ከፊቱ ምህላዉ ዝጠቐሰ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብርኣቡ ኣብ መንነ ሃገራት ቅዳው ሓበራዊ ዕቡዮት ንኽህሉ፡ ዝዓዊ ሰላምን ሽርክነትን ዓንዲ ሕቑ ዝኸሉ ሓበራዊ ሰላምምትን ሕግታትን፡ ዝዓዊ ሽርክነትን ምትሕግጋዝን ብመትከል ዝሕግዝ ሃገራትን ዝኣመሳሉን መሳረታት፡ ዓንዲ ሕቑ ከም ዝኸሉ ጸቒጠሉ።

ምስ'ዚ ሓድሽ ናይ ተሰፋ ኩነታት፡ ብድህያታት ከም ዘለዉ ዘገንዝበ ኣቶ የማነ ሓያሎ ዓበይቲ ብድህያታት ድሮ ተሰገሮም ምህላዎም፡ ሓደ ካብ'ቶም ቀንዲ ብድህያታት ድማ ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ብዘዘረፈሎዩ ሕሉፍ መሳናኽላት ተዳኺሙ ዝጸንሐ ቀጠብ ሃገር ምኳኑ ብምጥቃሱ፡ እዚ ምስ ተሰገረ፡ ካብ ገሊጋስ ዝዋጋት መሳናኽል ከም ዘይህሉ ኣሚቱ።

ኣቶ የማነ ድሕሪ'ቲ ሰፊሕ መገልጺ፡ ንኩነታት ዕዮን ዓያይነትን፡ ጸጋታት ቀደሕ ባሕሪ፡ ሰናይ ጉርብትና፡ ኣመታት ዞባዊ ዝምድና . . . ዝደህሰሱ፡ ካብ ተኣተፍቲ ዝቕረቡሉ ሕቶታት መሊሶ።

ኣብ'ቲ ዓውደ-ዘተ፡ "ተኽእሎታት ቀጠበዊ ዕቡዮት ኤርትራ" ብዘብል ኣርእስቲ ወረቐት ዝቕረበ ካብ ሚኒስትሪ ሃገራዊ ልምዓት ኣቶ ሳምሶን ብርሃነ ብወኪ፡ ትልሚ ሃገራዊ ዕቡዮት ኤርትራ ኣብ ዝገለጸሉ፡ ብዘዕባ መጻኢ መደባት ልምዓት ንምውጣኑ "ስትራተጂ ልምዓት ኤርትራ ካበይ ናበይ እዩ ክፍለጥ ይግባኹ ኩሉ ድማ ካብ ድሕሪ ናጽነት ዝጠገሰ'ዩ" ብምባል፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 1991 ናጽነት ክረኽብ ከሎ፡ ብሰንኪ ዝተናወሐ ውግእን መምዝኣታዊ ዓመጽን ዝተኸሰረ ዕድላትን ኣብ ሰብኣዊ ዓቕሚ፡ ቀጠበንን ኣህጋቢንን ዝወረደ ዕንወትን ቀሊል ከም ዘይነበረ ኣሕዊኑ።

ብመምዝኣቲ ጥልያን ዝተሃንጹ ፋብሪካታት፡ ጽርግያታት፡ መራኸቢታት ይኹን ካልእ ትሕቶ-ቕርጺ. . . ብሓፈሻ ትካላት ቀጠበ ኤርትራ ናብ ትሕቲ ዚሮ ምውራዶም፡ ንመጻኢ ውሕስነት ዝኸውን መዕቀሪ ማይ ዘይምንባሩ፡ ኣስታት 600,000 ካብ ህዝቢ ኤርትራ ንስደት ከም ዝተደረኸበ ሂወት ብዙሓት ዜጋታት ከም ዝሓለፈ፡ ኣብ እዋን መምዝኣቲ 30% ዝሰበረ ሽፈነ ኣግራብ ብደይመደይ ናብ 1% ምውራዱ፡ ሽቕለት ኣልባኑ ክሳብ 70% ምብጽሑ፡ 75% ካብ ዜጋታት ኣብ ተጸባይነት ረድኤት ወዲቕም ምጽንሑም፡ 42% ካብ'ቶም ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት ብዋጋሮ ዝተጠቕው ምንባሮም፡ ጸቡይ ማእከላይ ዕድመ ዜጋታት ኣብ 46 ዓመት ጥራይ ምሕጽሩ፡ መጠኑሞት ዜጋታት ናብ 998/100,000 ምዕራገን ብሰሪ ሕጽረት መንበሪ ኣባይቲ ህዝቢ ተጨቓጨቕ ክሳብር ምግዳዱን ገለ ካብ'ቶም ዘቕረቦም ብመጽናዕቲ ዝተደገፉ ሓበሬታታት እዮም።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ 1994 ዓ.ም. ሃገራዊ ቻርተርን ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚን ብምሕንጻጽ፡ ምዕሩይነት ዘለዎ ቀጠበዊ ዓቕሚ ንምህናጽ ከም ዝተገበረ ብምብራሁ፡ ኣብ ቁጠባዊ መዳያ፡ ሽግር ህዝቢ፡ ንምፍታሕ ብቕልጡፍ ክዕመሙ ዘለዎምን ንናይ ሓዋሩ ዕቡዮት ዝድርኽን ብንጹር ሓንጺጹ ናብ ተግባራውነት ምስ ሰገረ፡ ክሳብ ኣብ 1998 ዓ.ም. ኩናት ዝጀምር፡ ግቢይቲ ዕማማት ብምስልሳል ናይ ዕቡዮት ጎደና ኣጣጠሑ ከም ዝሰበረ ገለጸ።

ኣብ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ መንግስቲ ኤርትራን ኣካላት ውድብ ሕብራት ሃገራትን ኣብ ዘቕዩዱዎ መጽናዕቲ፡ ጸቡይ ማእከላይ ዕድመ ዜጋታት ካብ 46 ናብ 67 ምዕባዩ፡ ካብ መሃይምነት ናይ ዝተላቕቑ ዜጋታት መጠን ካብ 20% ናብ 80% ክብ ከም ዝበጽሑ፡ ኣብ 1991 ቀጽሪ ተመዚሮ 200,000 ዝሰበረ ናብ 600,000 ከም ዝዓዉዩ፡ መጠነ ሞት ዜጋታት ካብ 998/100,000 ናብ 250/100,000 ከም ዝሰጠዩ. . . ዳታዊ ሓበሬታ ብምሃብ ድማ ዝተራእየ ለወጥ ኣጉልሒሑ።

ስትራተጂ ልምዓት ኤርትራ እንክገልጽ፡ ብቕዳምነት ሰብኣዊን ሃገራዊን ጸጋታት ብጽፋፍ ብምጽናዕ ኣብ ዓቕሚ ሰብ ወፍሪ ምግባር፡ ትሕቶ ቕርጺ. ቀጠበ ምህናጽ፡ ንልምዓት ዝደፍኡ ሕጋጋት ኣብ ባይታ ምቕዳም፡ ንቕጠበ ዝሕግዙ ትካላት ምህናጽ፡ ንብሕታዊ ጽላት ምትብባዕን ዝዓብየሉ ኩነታት ምዋጣኒኑ ናይ ምወፃሳል ዓቕሚ ምድንፋዕን ኣህጉራዊን ዞባዊን ሽርክነትን ምትሕግጋዝን ምዕባይን ቀንዲ መሳረታት ምኳናም ብምዝርዝር፡ ብዓበኡ መሳረት ቀጠበዊ ስትራተጂ ኤርትራ ንሰብ ማእከል ዝገበረን ኣብ ምዕሩይነት ዝተሰረተን ብምኳኑ፡ ህዝቢ ክፈልጦን ክሳተፎን ከም ዘለዎ ኣጋዝዘቡ።

እቲ ዓውደ-ዘተ ኣብ ድሕሪ ቕትሪ ኣኸብሮታት ኣብ ጉጅለታት ተኸፋፈሉም "ብድህያትን ዕድላትን ኣብ ኤርትራ" ንምድህሳስ ኣብ 10 'ዓለምለኻዊ ኮሚሽን መጻኢ ስራሕ' ለበዋታት ዘተ ብምክያድ፡ ንመጻኢ ስራሕ ሓገዝቲ ዝኸኑ ሓሳባት ናብ ተኣተፍቲ ዓውደ-ዘተ ኣቕረቦም።

ድሕሪ ወጽኢት ዘተ ምቕራብ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕብራት ሃገራት ካይሮ ሚስ ዋፋ ዓብደልቃድር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ቡዩም ንብድህያታትን ተኽእሎታትን ብዘምልከት ዝቕረቡ ሓሳባት ከም ዝተደቕቑ፡ ናብ ኤርትራ መጺኣ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣገዳሲ ዛዕባ ምስታፋ ከም ዘሕሰነን ንተኣተፍቲ ገለጹ፡ ንኹሉቶም ኣብቲ ዓውደ-ዘተ ዝተኣተፉ ትካላትን ውልቀ-ሰባትን ከኣ ኣመስጊነ።

ሓላፊ ክፍሊ ዕዮ ኣብ ምኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነት ኣቶ ወልደየሱስ ኣሊሳ ብወኪ፡ እቲ ዓውደ-ዘተ ብዓወት ምዝዝሙ ብምግላጽ፡ ኑቲ መደብ ንዝወደበ ሃገሓኢን ንኹሉቶም ተኣተፍቲን ኣመስጊነ፡፡

መዕጸዊ ቃል ዝሰመዐ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገረብሃቲ፡ ድሕሪ'ቲ ዝተኻየደ መዘና ዘይብሉ ጸዕሮን ዝተኸፍለ መሳዋእትን ዝተረኽበ ሰላም፡ ሓድሽ ተስፋ ከም ዘቕልቀለ ብምጥቃስ "ምስ ኩሉ ብድህያታት ክንሰርሕ ስለ ዝጸናሕና ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ በጺሕና" ድሕሪ ምባል፡ ሕጂ እውን ብዘይምዝናይ ዓጸፋ ክሰራሕ ኣብ ዝድለየሉ መድረኽ ከም ዝተገጽሑ እቲ ናይ 20 ዓመታት ሃጸፋት ኣብ ሓጺር ግዜ ተዓቢሱ ዓጸፋ ንምስጋም፡ ብዝለዓለ ፍጥነትን ወንን ብምውዳቡ ኣብ ሓጺር እዋን ዓይነታዊ ለወጥ ንምምጽኣ፡ ብዝለዓለ ደረጃ ምስራሕ ከም ዘድሊ ኣጉዝዘቡ። ብሕልፊ ንዝመጽእ ሰለስተ/ኣርባዕተ ዓመት፡ ብዘሓየለ መንገዲን ተወፋይነትን ክፀዳ ከም ዝኽእል ከኣ ኣመልኪቱ።

ምህናጽ ሃገር ማለት ምህናጽ መንእሰይ ምኳኑ ዝገለጸ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል፡ ክብርታት



ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገረብሃቲ

ሕበረተሰቡ እንተላይ ባህላዊ ወርሻታት ናብ ዝቕጽል ወለዶ ምምሕልላፍ መሳረታዊ ምኳኑ ጠቒሱ፡ ንምወላህደን ሰኒትን ናይ'ቶም ኣብ ልምዓታዊን ህንጻታዊን ዕማማት ዝኣተፉ መንግስታዊ ትካላት፡ ኣስራሕቲ፡ ሰራሕተኛታትን ካልኦትን ሓይሊ ውዳበን ትካላዊ ዓቕምን ከም ዝድልድል ምግባር፡ ማክሮ ቀጠበዊ ዕቡዮት ምርግጋጽ፡ ንህሉዋትን ዝነዕበን ብድህያታትን ጸገማትን ንምምዋም፡ ኣብ ኣሰራርሓ ዝያዳ ምወርጃጽ፡ ፖለቲካዊ ውዳበታት ምድልዳል፡ ዝ ሃገር ደው ዘበለ ሃገራዊ ሓድነትን ዜግነትን ምሕያል፡ ብዙሕነት ዘረጋግጽ ተኣኽፎ ምድንፋዕ. . . ቀንድን ኣገደስትን ስትምትታት ምኳናም ኣሚቱ።

እቲ ዓውደ-ዘተ፡ ኣብ ተኽእሎታትን/ዕድላትን ብድህያታትን ኤርትራ ኣገደስቲ ሓሳባት ብምወላህል፡ ኣብ ድሕሪ-ቕትሪ ብዓወት ተዛዚሙ።

ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

ስፖርታዊ ንጥፈታት ተመሃሮ ዘባ ማእከል ተዛዚሙ

ንኣሊታት ሸሞንተ ኣዋርሕ ክቀይድ ዝጀመሐ ስፖርታዊ ውድድራት ተመሃሮ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ትማሊ ቀዳም ብዘተኻዘዱ ናይ መዘምሚ ንጥፈታት ተፈጺሙ።

ልዕሊ 13 ሽሕ ተመሃሮ ዘሳተፈ እዚ ንጥፈታት፣ "ስፖርት ቀጻልነት ስፖርት ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ደረጋጽ" ብዘብል ቴማ እዩ ተኻይዱ።

ኣብቲ ኣብ ስታዲያም ኣስመራ ዝተኻየደ ናይ ፍጻመ ጸወታታት፣ ፈለማ ዝገጠማ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ከነሰ እግሪ ኣስመራ ሓፈሻዊን ባርነን እዮም። ኣስመራ ሓፈሻዊ ከኣ 3ብ2 ብምዕዋት ሻምፕዮን ዓመተ-ስፖርት ክሳብ ሕጂ ዝተኻየደ ኣሰልጣኒ ክኸውን ኣብ ዝጸንሐ ኣቶ ዳዊት ዮሃንስ ኣመራሒነት ዝተኻየደ ጋንታ ኣብ ሓፊሻዊ ውድድር ዳዊት ዮሃንስ ካብ ኣሰበኮ 1ይ ኮይኑ ክሳወት እንከሎ፣ ወዲ ጋንታኡ ተኽኢ ገይትኡም፣ ኣስከሰንደር ኢሳቅ ብወልቂ ናህም መልኣከ - ኣሰበኮ ድማ ክሳብ ራብዓይ ተሰሪዖም።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ዘቀደዱዎ ሓያል ቅጽበታዊ ውድድር ከኣ ተኽኢ ገይትኡም ካብ ኣሰበኮ ንውድድሩ ብ02:01:27 ክሳወት እንከሎ፣ ደቂ ጋንታኡ ሳምሳም ሃብቲ፣ ዳዊት ዮሃንስ ናህም መልኣከን ሰዒሮሞ። ብወላሕሉ፣ ዳዊት ዮሃንስ ኣሰበኮ ብ19 ነጥቢ ምስእ ዕጥቅን ወርቂ መዳልያን ክወስድ እንከሎ፣ ተኽኢ ገይትኡም ኣሰበኮ ብ 13 ነጥቢ ዕጥቅን ብዙር መዳልያን ከምኡ ድማ ሳምሳም ሃብቲ ካብ ኣሰበኮ ብ11 ነጥቢ ዕጥቅን ኑሓስ መዳልያን ወሲዶም። ብጋንታ ከኣ ኣሰበኮ ዓቢይ ዋንጫ ተሸሊሙ።

ብወልቀም ዝተወዳደሩ ተቐዳዳምቲ ኣሌክሳንደር ኢሳቅ ሓጊን ምሕረትኣብን ሃብተገርግሽ ኣማኑኤልን ናይ ምን ካሳማዳርያን ሀያብ ተብርኪቶሎም።

ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳዳምቲ 50.6 ኪሎ ሜተር እዮን ሽፈሃኑ። ቅኑት ወልደሚኻኤል ካብ ሰራደር ሳዋ ብወላሕሉ ነጥቢ ብምዕዋታ፣ ምስእ ዕጥቅን ወርቂ መዳልያን ጓል ጋንታኣ ሚለና ያፊት ካብ ሰራደር ሳዋ ምስእ ዕጥቅን ብዙር መዳልያን ክትወስድ እንከሎ ዳናይት ፍጹም ካብ ዓራግ ድማ ምስእ ዕጥቅን ኑሓስ መዳልያን ተሸሊመሙ።

ብጋንታ ከኣ ሰራደር ሳዋ ዓቢይ ዋንጫ ወሲዱ።

መንእሰያት ተቐዳዳምቲ ኣብ ዘቀደዱዎ ውድድር 61.6 ኪ.ሜ እዮም ሽፈናሞ። ብወላሕሉ፣ ሜሮን ክብርኣብ ካብ ኣሰበኮ ብ13 ነጥቢ ብምዕዋቱ ክልተ ጐሚን ክልተ ካሳማዳርያ ኣብ ዓሰራ ደቂ ጋንታኡ ሳምሳም ሃብቲ፣ ዳዊት ዮሃንስ ሰዒሮሞ። ብወላሕሉ፣ ዳዊት ዮሃንስ ኣሰበኮ ብ 13 ነጥቢ ዕጥቅን ብዙር መዳልያን ከምኡ ድማ ሳሙኤል ሃብተ ካብ ኣሰበኮ ብ11 ነጥቢ ዕጥቅን ኑሓስ መዳልያን ወሲዶም። ብጋንታ ከኣ ኣሰበኮ ዓቢይ ዋንጫ ተሸሊሙ።

ብወልቀም ዝተወዳደሩ ተቐዳዳምቲ ኣሌክሳንደር ኢሳቅ ሓጊን ምሕረትኣብን ሃብተገርግሽ ኣማኑኤልን ናይ ካሳማዳርያ ሀያብ ተብርኪቶሎም።

ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳዳምቲ 50.6 ኪሎ ሜተር እዮን ሽፈሃኑ። ቅኑት ወልደሚኻኤል ካብ ሰራደር ሳዋ ብወላሕሉ ነጥቢ ብምዕዋታ፣ ምስእ ዕጥቅን ወርቂ መዳልያን ጓል ጋንታኣ ሚለና ያፊት ካብ ሰራደር ሳዋ ምስእ ዕጥቅን ብዙር መዳልያን ክትወስድ እንከሎ ዳናይት ፍጹም ካብ ዓራግ ድማ ምስእ ዕጥቅን ኑሓስ መዳልያን ተሸሊመሙ።

ኣብ ናይ 5000 ሜትሮ ደቂ ኣንስትዮ 1ይቲ ሰሚራ መብራህቱ ካብ ማእከል ከተማ ፍቑሪ ብርሃ ካብ ጸጽራት፣ ከምኡ ድማ ሉትያ ሰገድ መረብ ሰቲት መሳልጠኒ ስፖርት ተመሳሳሊ ሽልማት ተቐቢለን።

ኣብ ናይ 10,000 ሜትሮ ደቂ ተባዕትዮ፣ ሜሮን ተኽለኣብ ካብ ሰገጌ የወሃስ ክፍሊ ካብ ኣኽርያ ሳይሞን ዳዊት ካብ ኣኽርያ ዕወታት ኮይኖም።

ቅድድም ብሽክለታን ኣትለቲክስን ተኻይዱ።

ትማሊ ሰንበት፣ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ጥዕና UNFPAን ዝተዳለወ ውድድር ብሽክለታን ኣትሌቲክሰን ኣብ ከባቢ እንዳማርያም ምኪያዱ ህዝባዊ ርክባት ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ገለጹ።

79.2 ኪ/ሜተር ካብ ዝሸፈኑን ኣርባዕተ ሾላታ ካብ ዘቀደዱን ተቐዳዳምቲ ቀዳማይ ዲቪዥን ዳዊት ዮሃ - ኣሰበኮ፣ ኣኽለሉ ንብረሃወት - ሰምበል፣ ፈልሞን ነጋሲ - ኣሰበኮን ናህም መሳን - ኤሪተልን ኣብ ቀዳመይቲ ሾላታ ተዓዊቶም። ኣብ ካልኣይቲ ቅጽበታዊ ውድድር፣ ተስፋይ ምሕረትኣብ - ሰምበል፣ ዳዊት ዮሃ - ኣሰበኮ፣ ያቆብ ደበሳይን መሳተል ምስበንን ክልቲኦም ካብ ኤሪተል ተመሳሳሊ ተርታ ሓዚሞም። ኣብ ሳልሳይ ቅጽበታዊ ውድድር ዳዊት ዮሃ ካብ ኣሰበኮ 1ይ ኮይኑ ክሳወት እንከሎ፣ ወዲ ጋንታኡ ተኽኢ ገይትኡም፣ ኣስከሰንደር ኢሳቅ ብወልቂ ናህም መልኣከ - ኣሰበኮ ድማ ክሳብ ራብዓይ ተሰሪዖም።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ዘቀደዱዎ ሓያል ቅጽበታዊ ውድድር ከኣ ተኽኢ ገይትኡም ካብ ኣሰበኮ ንውድድሩ ብ02:01:27 ክሳወት እንከሎ፣ ደቂ ጋንታኡ ሳምሳም ሃብቲ፣ ዳዊት ዮሃንስ ናህም መልኣከን ሰዒሮሞ። ብወላሕሉ፣ ዳዊት ዮሃንስ ኣሰበኮ ዓቢይ ዋንጫ ተሸሊሙ።

ንስርዓተ ኣመጋግባ ስፖርት ዝምልከት ስልጠና ተዋሂቡ

ኮሚቴ ምክትታል ንጥፈታት ስፖርት ደቀንስትዮ ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ንስርዓተ ኣመጋግባ ስልጠና ስፖርት ደቀንስትዮ (Sport Nutrition Course for female athletes and coaches) ብዘምልከት ንኽልተ መዳልያት ኣብ ኣስመራ ዝዘወ ስልጠና ዛዘመ።

እቲ ካብ ዞባታት፣ ኮሚቴ ኦሎምፒክን ሃገራውያን ፌደረሽናት ስፖርትን ንዘተወከሉ ልዕሊ 30 ስልጠናቲ ዝተዋህበ ስልጠና፣ ንመባእታዊ ኣምር ሰራምግቢ፣ ንኣገዳስነት ስርዓተ ኣመጋግባ ስፖርት ደቀንስትዮ (special nutritional concern of female athletes)ን ጸልወኡ ኣብ ወጽኢት ኣትሊታት፣ ንመኣዛዊ ትሕዝቶ ኤርትራዊ መግቢ (Nutritional content of common Eritrean food)ን ምስ ምንቅስቓስ ስፖርት ዘለዎ ተዛምዶኦትን ካልእን ኣብ ዘተሓጉሑ ኣርእስትታት ብኩሊ ሰራ መግቢ. ዶ/ር ኤደን ታረቅ ዓሚቕን ሰፊሕን ኣስተምህሮኣዊ ሰሚናር ተዋሂቡ።

ኣብ መዘምሚ'ቲ መደብ ሓላፊት ምክትታል ንጥፈታት ደቀንስትዮ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ወ/ሮ ቬኒስ ሃደለኣሊ፣ እቲ ዝተዋህበ መደብ ኣብቲ ዓወዲ ዝሰረረ ሕጽረታት ኣብ ምፍታሕን ኣፍልጦ ተኣተፍቲ ኣብ ምዕባይን ሓጊዝ ከምዝሰረረ ገለጹ።

ኮሚሽነር ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባኣደር ዘመደ ተኽለ ንልጠንቲ ዝተዳለወ ወረቐት ምስ ከፍሩ ድሕሪ ምዕዳሉ ኣብ ዘነበብዎ መዘምሚ ቃል፣ እቲ ናይ ስልጠና መደብ ነቲ ዋዕናኣም ዝተማልኣ ወጽኢታውያን ኣትሊታት ንምፍራይ ዝቀደድ ስራሕን ጻዕርን ብሓደ ደረጃ ክብ ዘብል ምኳኑ ብምምልክት፣ ንዝቐሰሙዎ ሞያ ብዝብራዊ ስራሕ ዝያዳ ብምዕዋቕ፣ ኣብ ዝሰፍሩ ስራሕ ንዎወዲ ስፖርት፣ ዕድመ ኣኪዝዎ ብቐዳትን ዋዕናን ኣትሊታት ዝኸ ስራዕን ዘመናውን ስርዓተ ኣመጋግባ ስፖርት ንምትእትታው ጻዕርታዩም ከሕይሉ ተጎብዩ።

ኣዱሊስን ደንደንን ኣጥቢ ተሰኪሎሞ

ብቕድሚ ትማሊ ናይ ካልኣይ ዙር ሻምፒዮና ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ፈላሚ ጸወታኣን ዘካየዳ ጋንታታት ኣዱሊስን ደንደን 1ብ1 ክፈላለያ እንከለዋ፣ ኣልታሕሪር ንሰገን 2ብ1 ከምኡ ድማ ሰምበል ንፓራዲዞ 1ብ0 ሰዒረናኣን።

ልዑል ኣተኩሮ ዝተዋህቦ ግጥም ኣዱሊስን ደንደንን እዩ። ተጸወትቲ ደንደን ኩዕሶ ሕዛም ናብ ኣዱሊስ ኣብ ዝተጸገዑሉ ኣብ መበል ሓሙሻይ ደቒቕ ተኸላኻላይ ኣዱሊስ ዮሴፍ ረዘነ ናብ ገዛእ ልዳቱ ሸቶ ብምዝጋቡ ደንደን 1ብ0 መሪሕነት ክትሕዝ ከኣለት። በዚ ድማ እቲ ጸወታ ብመሪሕነት ደንደን ናብ ዕረፍቲ ኣምርሑ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፣ ተጸዋታያ ኣዱሊስ በረኸት ክፍላይ ንተጸወታይ ኣንጻር ጋንታኡ ኮነ ኢሉ ብምህራሙ ብቐይሕ ካርድ ኣብ 65 ደቒቕ ብዳኛ ተባረረ። ኣዱሊስ ኣብ 72 ደቒቕ ቅላዕ መቐጻዕቲ ረኸበት። ኣቢሰሎም በየነ ድማ ቀሊዑ ኣመዝገባ። ጸወታ ድማ 1ብ1 ተዛዚሙ።

ኣቐዲመን ዝገጠማ ኣልታሕሪርን ሰገን ኮንስትራክሽንን እዮን። ኣልታሕሪር ኣብ ዓሰራይ ደቒቕ ኣቤል ወልደየሱስ ሸቶ ብምምዝጋቡ መሪሕነት ሓዚት።

ድሕሪ ዕረፍቲ፣ ኣልታሕሪር፣ መሪሕነታ እተደልድል ሸቶ ኣብ መበል 69 ደቒቕ ኣቐጸረት። ተጸወታይ ሰገን - ኤርሚያስ ታደሰ ኣብ መበል 75 ደቒቕ ዘመዝገባ ሸቶ ንውጽኢት ናይቲ ግጥም ናብ 2ብ1 እኳ እንተቐየሮ ንጋንታኡ ካብ ሰዕረት ከናግፉ ግን ኣይከኣለን።

ሰምበል ምስ ፓራዲዞ ዘካየዳኦ ግጥም እውን ኣብቲ ዕለት እዩ ተኻይዱ። ክልቲኦን ጋንታታት ብዘይ ሸቶ እዮን ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሐን። ሰምበል ኣብ መበል 47 ደቒቕ መሪሕነት ከተትሕዛ እትኽእል ካብ ኣማን እዝራ ሸቶ ኣመዝገበት። ጸወታ ድማ 1ብ0 ተዛዚሙ።

ዛጊት ኣብ ዝተኻየደ 10 ግጥማት ቀይሕ ባሕሪ 28፣ ደንደን 20፣ ኣስመራ ቢራ 19፣ ኣልታሕሪር 19፣ ሰምበል 18፣ ሰገን 14፣ ኣዱሊስ 13፣ ገዛባንዳ 4፣ ፓራዲዞ 3፣ ኣኽርያ 2 ነጥቢ ሒዙን ክሳብ ዓሰራይ ተሰሪዐን ኣለዋ።

እዚ ውድድር ጽባሕ ሓሙስ ብዝካየድ ግጥም ክቐጽል እዩ። ደንደን ምስ ኣኽርያ ከምኡ ድማ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ፓራዲዞ ክገጥማ እዮን።

** ** **

ምልክታ
እምነት ኣማኑኤል - በይሉል ገብረሚካኤል

ዞባ ማእከል ኣስመራ

ዩዲት ጥላሁን ሰርጹ ምባል ተሪፋ፡ ዮዲት ጥላሁን ሜካ መስቀለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ.52 ይቕረብ።

ሰሎሜ ተኸስተ ምባል ተሪፋ፡ ሰላማዊት ተኸስተ ገብረእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ.52 ይቕረብ።

ወ/ሮ መኣዛ ሃይለ ክፍለ ሃይለ፡ ብወኪላ ኣቶ ተወልደ ተኽላይ መሓሪ ኣቢላ፡ ብስም ወላዲተይ ነፍ/ጸሃይ ዘምኪኤል ሃይለሚካኤል ብናይ ኮምሽን ኣባይቲ ቁ/ምስክር ወረቐት 103995 መወከሲ ቁ.113861/ መዝገብ ቁ/44110 ብጠቕላላ መ.ቁ 67729 ዝተመዝገበ ውልቃዊ ሃብቲ ኣብ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/01 ጎደና ጎጃም ነበር (ሕጂ ምም/ን/ዞ/ ገዛ ባንዳ ጎደና ራባዕ) ቁ ገዛ 27 ቁ ሎታ 88 ፓርቸላ ዲ ዝርከብ ገዛ ኣብ 250 ት/ሜ ዝተደኮነ 4 ቀንዲ ክፍልታት ምስ 2 ሓገዝቲ ክፍልታት ብዕለት 17/6/2014 ኣብ ራጂስትራር 1ይ ቤ/ፍ/ዞ/ማ ኣርባዕተ ብቁዓት ምስክር ዝፈረሙሉ ብቁ/መ 17/2/2014 ዝተመዝገበ ውዕል ውህብቶ ምስ ካልእ ተንቀሳቓሲ ንብረትን ብህያብ ሂባትኒ። ናብ ስመይ ይመሓላለፈለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ.52 ይቕረብ።

ወ/ት ሸዊት ነጋሲ ተኽለ ምባል ተሪፋ፡ ሸዊት ነጋ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወረ/ነፍ ዓንደ ተኽሉን ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ መርሃይ፡ ወረ/ነፍ ኣበባ ዑቕባጽዮን ሰናይት ተኸስተ ኣርኣያ ብኣድራሽኣ ክትቐርብ ስለዘይከኣለት ተጸዊዓ ን26/6/19 ኣብ ላዕለዋይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.28 ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ መድህን መንቆርዮስ፡ ሓውና የማነ መንቆርዮስ ወልደኪዳን ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሓዋተይ ወረስቲ ምኟንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ክፍለ ኣባይ፡ ብወለደይ ነፍ/ኣባይ ካፍልን ወ/ሮ ሸዋይነሽ ወልደገርግሽን ዝተገብረለይ ናይ ወላዲተይ ገዛ ውህብቶ ተቐቢለ እየ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማእከል ከተማ

ወ/ሮ ኤልሳ መለስ ወልደማርያም፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ብርሃነ ገብረኣብ ኪዳነ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኟኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣርባዕተ ኣስመራ

ወ/ት ሰላም በረኸት ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣቦና ገብረእግዚኣብሄር ዘርአ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኟንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት በርሀ ተድላ፡ ኣደይ ወ/ሮ ትርንጎ ወልደሚካኤልን ሓፍተይ ለምለም በርሀ ተድላን ሓወይ እዮብ በርሀ ተድላን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ወራሲት ምኟነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰምበልን ጎዳይፍን

ወ/ሮ ሰናይት ወልደጋብር ብወኪላ ወ/ት ሪዝቫን ታደለ ኣቢላ፡ ኣደይ ዛይድ ኪዳነ ተወልደመድህን ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኟነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ተኣምራት ዘድንግል ፍረዝጊ፡ ኣደና ፍቓዱ ስብሃቱ ተኸስተ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 መዋቲት ሓፍተይ ወረስቲ ምኟንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ምሕረት ሃብታይ ደበሳይ ተኸሳሲ በዓል-ቤታ ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሙን ሃይለ (ናይ ፓስፖርት መጸውዒ ስሙ ኣቶ ቶማስ ሙሴ ሃይለ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብወኪል ን28/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ግን ንስኻ ኣብ ዘይብሉ ውሳነ ክውሃብ ምኟኑ ነፍልጥ።

ኣቅላስያ መብራህቱ ተድላ፡ ኣደና ዛፉ ፍስሓ ገብሩ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኟንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ቲራሽሎ

ኣቶ ተስፋኣለም ምስግና ተማኑ፡ ኣባሓጎይ ሻንበል ይመስገን ደበሱ ገብረስላሴን ዓባየይ ወ/ሮ ደሃብ ተስፋ ኪዳነን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ተተካኢ ናይ መዋቲት ኣደይ ምስ 5 ደቆም ወረስቲ ምኟንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቢተው ተስፋሚካኤል ተኽለ፡ ወለድና ተስፋሚካኤል ተኽለን ዛፉ ሓጎስ መሓሪን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኟንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይ ተመናይ

ወ/ሮ ሳራ ዑቅባስላሴ ዑቅባጽየን፡ በዓል-ቤተይ ግርማይ ኣስፍሃ ሓጎስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምኟኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገረዳ ዓንደሚካኤል ፍረሰናይ፡ በዓል-ቤተይ ዑቅባገብርኤል ተስፋዝጊ ሕድሩ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኟኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ሰላማዊት መሓሪ ወልደሚካኤልን ተኸሳሲ ኣቶ ኪዳነ ዳዊት ክፍሎምን ዘሎ ክሲ ጉዳይ ሰብኣይን ሰበይትን ኮይኑ፡ ተኸሳሲ ብኣድራሽኡ ስለዘይተረኽበ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ንሱ ኣብ ዘይብሉ ክርአ ምኟኑ ነፍልጥ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ወ/ሮ ገነት ክፍለ ኣብርሃም፡ ኣደና ወ/ሮ ግደይ ትካቦ ዑቕባጼን ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኟንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኢታይ ኪዳነ ገብረሂወት፡ ወደይ ጎይትኦም ኣብርሃ ተኽለሃይማኖት ስለዝሞተ፡ ውላድ ወይ ሓዳር ውን ስለዘይብሉ፡ ኣነ ወራሲት ምኟነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዛፉ ዓንዱ ተስፋገርግሽ፡ በዓል-ቤተይ ክብርኣብ ገብረሂወት ኣበበ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ ከምኡ ውን ውላድ ስለዘይብልና ወራሲት ኣነ ጥራይ ምኟነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤት ፍርዲ ሸሪዓ

ከሰስቲ ወረ/ነፍ ግደይ ዓጣ ያሲን ብወኪሎም ግደይ ሰይደ ኣሕመድ ኣቢሎም፡ ተኸሰስቲ ሳላሓዲን ያሲን ዓጣን ኣብራር ያሲን ዓጣን ኣድራሽኦም ስለዘይብልና ይጸውዑልና ስለዝበሉ ተኸሰስቲ ብኣካል ወይ ብወኪል ን 2/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ግን ንስኹም ኣብ ዘይብሉ ውሳነ ክውሃብ ምኟኑ ነፍልጥ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ሓወሻ

ወ/ሮ ነብያት ኣርኣያ፡ ወደይ ኣርኣያ ከበደ ገብረኪዳን ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ ሓሙሽተ ኣሕዋቱ ወረስቲ ምኟንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዓጺዳ

ሃይለ ገብረሚካኤል፡ ጓለይ ንጽህቲ ሃይለ ገብረሚካኤል ስለዝሞተት፡ 3 ደቃ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምኟኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

DolceVita®
THE ITALIAN LIFESTYLE

ብስራት ንኹልኹም ዓማዊል ዶልቸ ቪታ፡
ዛኤር ሓ.ዝ.ብ.ማ. ርሑስ በዓል መበል 28 ዓመት ናጽነት ኤርትራን
ሰናይ ክራማትን እናተመነየ ኣብ ዝተፈላለየ ብሉጽ ፍርያቱ ዓቢ
ምጉዳል ዋጋ ከምዝገበረ ንዓማዊሉ ከበስር ይፈቱ።

ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ሓ.ዝ.ብ.ት
ዓቢ ምጉዳል ዋጋ

ብምኽንያት በዓል ዒድ ኣልፈጥር ካብ ዕለት 01/06/2019 ክሳብ 30/06/2019 ዝጸንሕ ኣብ ኩሎም ፍርያትና ክሳብ 45% ዝበጽሕ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ከምዝገበርና ነበስር!

ፍርያትና እንሸጠሉ ቦታ፡

ኣብ ኣስመራ፦ ኣብ ድኳን ትካል ጎደና ተጋደልቲ ፊት እንዳ ኖራ
ኣብ መንደፈራ፦ ሩት ቡቲክ ጥቓ ጁራ ፍዮሪ
ኣብ ደቀምሓረ፦ ፎዝያ ቡቲክ ጥቃ ዕዳጋ

ብተወሳኺ ንኩሉ ክልል ዕድመን ጾታን ዘገልግል ሓደስቲ ፍርያት ካናቴራ፣ናይ ቆልዑ ስረ፣ ካምቻ ቀሪብናልኩም ኣለና!!
ሃየ ዝዕድል ተጠቐምሉ! ብዓይነት ፍርያትና፥ ምቑሉል ኣገልግሎትናን ርትዓዊ ዋጋን ክትዓግቡ ኢኹም!

ቁ.ተሌፎን- 182967/186405 ኣስመራ

Notice

Notice is hereby given that ***Irab Transport Sh.Co.*** has conducted its extra ordinary meeting on 22nd day of May 2019 and resolved as follows:

It is resolved that the following three board of directors have been appointed for three years and are directed the management to take all necessary steps for the registration and publicity of the same as required by law.

1. Mr. Ibrahim Rezene Kassa
2. Mrs. Saba Abraham Hagos
3. Mrs. Rishan Hagos Gebre

Irab Transport Sh.Co

Zara Mining Share Company

POSITION DESCRIPTION

Position:	Laboratory Technician
Number required	1
Location:	Zara
Reporting to:	Lab Senior Technician
Primary Responsibility & Scope of work	- Under the supervision of senior technician, complete the entire Laboratory task and ensure work quality. - Responsible for all analysis task, including fire assay, Wet-AAS and sample preparation.
Duties:	• Strictly to comply with the safety regulation. • Ensuring quantity & quality to complete the sample analysis task for mining geology, processing and experiment. • Complete the sample preparation • Complete the testing of environment • Work on day and night shift. • Consciously accept quality checking • Properly fill the original record, analysis report and responsible of your assaying data. • Strictly to comply with data security rules. • Strictly to comply with rules of laboratory and ZMSC • Complete assigned works from the Company or superior. • Keep the laboratory clean & participate in Training • Properly using and maintaining all the equipment and instruments.
Knowledge & Skills Required:	- Written & Spoken English language is compulsory ▪ Computer literacy is advantageous. ▪ Has a theoretical and basic knowledge in chemical Engineering. ▪ Fluent in English
Training & Education Required:	▪ Collage degree ▪ Computer literacy is advantageous. ▪ Safety Oriented, Self-esteemed and able to work with a team.
Experience Required:	▪ Engaged in Ore testing and sample preparation.
Physical Requirements:	▪ To be able to pass a full Doctor's Physical examination ▪ An enthusiastic, self-starting attitude towards working with all, based on a foundation of mutual respect for all.
Key Performance Indicators:	▪ Willing to undertake tasks requested by management outside the job description should the need arise
Other requirement	Applicants should have a release from Ministry of defence.
Salary:	According Company's salary scale.
Place of work:	Zara Mining SH.Co Koka Gold Mine, Zoba Gash Braka Sub-Zoba Sala

Additional Requirement for nationals: Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defense. Having finished registration and duty performing for the National Army, and present the release paper or registration card issued by National Army. Provide a Clearance paper from office of the Eritrean Police and present Medical Certificate from Hospital. Present Clearance paper from the current/ last employer. Only short listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned back to the sender and/or applications should be sent through the Post Office. Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

Address: Please mail your applications to: ZARA MINING SHARE CO. P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea.

Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to: Aliens Employment Permit Affairs
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.

ምልክታ

ብስም ንግስቲ ተስፋዝጊ ኣድሓኖም ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00000413 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ማይበላ ቁ.ገዛ 18 ዝርከብ ናይ ቤት መስተ ትካለይ ንኣቶ/ስምኦን ወልዳይ ሓድጉ ካብ ዕለት 01/06/2019 ክሳብ ዕለት 31/05/2020 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰሳሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ አፍልጥ።

ንግስቲ ተስፋዝጊ ኣድሓኖም

ምልክታ

ብስም ፋጥና ኪዳን ኣነቢ ብመወከሲ ቁጽሪ 008538 ብቁ/05578 ዝተዋህበ ነዚ ኣብ ከተማ ባረንቱ ዞን 1 ብሎክ 5 ፓርሰል B ዝርከብ ገዛ ዝምልከት ናይ በዓል መሰል ቅጥዒ ውዕል ክራይ መሬት ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ረኺበዮ፣ ብትሕጃ ሒዘዮ ወይድማ ብኻልእ መንገዲ ኣብ ኢደይ ኣሎ ዝብል ወገን እንተሎ፣ ብቁጽሪ ሞባይል 07560408 ክሕብረኒ እንተዘይኮይኑ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ናብ ቤ/ጽ/ጨንፈር መሬት ዞባ ጋሽ ባርካ የመልክት። ዘመልክት ምስ ዘይርከብ ግና መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ከምዝኾንኩ የፍልጥ።

ወ/ሮ ኣርሄት ህያብ
ወራሲት ነፍ/ ፋጥና ኪዳን ኣነቢ

ምልክታ

ብስም ትብለጽ ሰመረ ክንፈ ዝተመዝገበ ብ ቁ.ፍ.ዋኒን ASL00040858 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 753-9 ቁ.ገዛ 30 ዝርከብ ናይ ባርን ሬስቶራንትን ትካለይ ንወ/ሮ ሰላም ትካቦ ተ/ማርያም ካብ ዕለት 09/03/2019 ክሳብ ዕለት 08/03/2020 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰሳሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ አፍልጥ።

ትብለጽ ሰመረ ክንፈ
ሕጋዊ ወኪል ኣለም ዘካርያስ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ትራምፕ ንከንቲባ ለንደን ዘሊፉ

ኣብ ብሪጣንያ ምብጫሕ ዝጸብር ዘሎ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንከንቲባ ኩተማ ለንደን ሳዲቕ ክሃን ዘሊፉ፡፡

ብመሳረት በበሰ፡ እቲ መዛረቢ ማዕከናት ዜና ኩይኑ ዘሎ ጉዳይ ትራምፕን ሳዲቕ ክሃንን ፕረዚደንት ትራምፕ ናብ ብሪጣንያ ቅድሚ ምእታዉ እዩ ጀሚሩ፡፡ ትራምፕ ናብ ብሪጣንያ ቅድሚ ምብጋሱ ከንቲባ ለንደን ሳዲቕ ክሃኑ ኣብ ማዕከናት ዜና ብሪጣንያ ነቲ ፕረዚደንት ዝወቕሰ ዘረባ ከምዝመፀ ይግለጽ፡፡ ትራምፕ ኣብ ናይ ትዊተር መልእኽቱ ኣብ ዝዘሮ ምላሽ ብወኑ፡ ነቲ ከንቲባ "ፍሽል" ክብል'ዩ ዘሊፉዎ፡፡ "ኣብ ስርሑ ጥራይ ግዳ ዘዋተከር" ብምባል ነቲ ኣብ ከተማ ለንደን ዝኸሉ ገበናት ክኣልዮ ዓቕሚ ዘይብሉ ከንቲባ ምኳኑ ገሊጹ፡፡ ልክዕ ከም ከንቲባ ኩተማ ኒውዮርክ በል ደ ብላሲዮ "ደንቆሮ እዩ" ክብል ድማ ዘሊፉታት ኣዝዘበ፡፡

ዝሓለፈ ዓመት፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ከንቲባ ለንደን ኣብ ምቅላስ ሽበራ ትሕት ብቕዓት ከምዝለዎ ምግላጹ'ዩ ዝዝከር፡፡

ከንቲባ ኩተማ ለንደን፡ ትራምፕ ኣብ ብሪጣንያ ኣብ ዝጀንሓለን መዳልያታት ነቲ ኣንጻሩ ዝኾደድ ናይ ተቓወሞ ሰልፊ ከምዝድግፎ የፍልጥ፡፡

ደሮ ምስ ንግስቲ ኤልሳቤጥ ተራኺቡ፡ ናይ ምኳሕ እንግዶት ክግበረሉ እንከሎ፡ ምስታ ካብ ሰልጣና ትወርድ ዘላ ቀዳመይቲ ሚኒስተር'ታ ሃገር ተሪዛ መይ ተራኺቡ ድማ ብዘዕገ'ቲ ብሪጣንያ ካብ ኣወርጻዊ ሕብረት ንምውጽእ እተካይዶ ዘላ መስርሕን ካልኦት ጉዳያትን ኣመልኪቱ ከምዝዘራረብ መርበብ ሓበሬታ ሪፖርቱያይ ሓቢሩ፡፡

ሀንዲ ብልዑል ሙቕት ትጥቃዕ

ኣብ ሰሜናዊ ሀንዲ ልዑል ደረጃ መቕት ከምኣተመዝበበ ዝክፍሊ ሜትዮሮሎጂ ሀንዲ ብምጥቃዕ በበሲ ሓቢሩ፡፡

ብመሳረት'ቲ ሓበሬታ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዞባ ሪጃስታን ኣብ እተርኃበ ከተማ ቼሩ ደረጃ መቕት 50.8 ዲግሪ ሰንቲግሬይድ ተመዝጊቡ፡፡ ኣብቲ ዕለት፡ ብሰንበት'ቲ ዝተሰነየ ሓያል መቕት ብዙሓት ሰባት ካብ መንበሪ ገዛኦም ከይወጹ ከምዝወዓሉ ደማ ተገሊጹ፡፡

ይኸን እምብር፡ ኣብ ከተማ 'ቼሩ' ዝኸውሩ ግዳም ሓደር ሰባት ቡቲ ዝተሰነየ ኩነታት ኣየር ዝይዳ ተጠቃዕቲ ከምዝሰዉሩን ነቲ ምቑት ንምክልኻል ምምሕዳር ናይታ ከተማ ኣብ ፈቓዶ ጎደናታት ማይ ክፈስስ ከምዝገበረን ምንጭታት'ታ ከተማ ሓቢሮም፡፡

ሎሚ ዓመት ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ሀንዲ ልዑል ምቑት ከምኣተመዝበበ ሓበሬታ ሜትዮሮሎጂ'ታ ሃገር የመልክት፡፡

ኣብ ዓለም ብልዑል ናህሪ ዝቕጽል ዘሎ ብከላ ኣየር፡ ጠንቂ ምምዝገል ክሊማ ኩይኑ ምህላዉ ክኢላታት የረድኡ፡፡

ብራዚል፡ ሰነዳት ሓዳስ ኣምባሳደር ሸነዝዌላ ነዚጋቶ



ኣብ ሸነዝዌላ ባዕሉ ግዚዮዊ ፕረዚደንት ገይሩ ዝሸመ መሪሒ ተቓወሞ ጀዋን ጓይዶ ናብ ብራዚል ዝመጽኦ ዲፕሎማሲያዊ ጉጅለ ብመምጽኡ፡ ብራዚል ተቐባልነት ከምዝረኸበ ምንጭታት ሓቢሮም፡፡

ብራዚል ንጀዋን ጓይዶ ኣፍልጦ ካብ ዝሃባ ሃገራት ሓንቲ፡ ከም ዝኸኑት ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ነታ ከም ኣምባሳደር ኩይና ዝተሓዘኸት ማርያ በለንድሪያ ኣብ መጀመርታ ክቐብል ፈቓደኛ ምኳኑ ሓቢሩ ነይሩ፡፡ ኣብዚ ቐንያት ብዘተሪኽበ ሓቢሬታ ግና መምጽኢ ብራዚል ሓሳቡ ቀይሩ ንዲፕሎማሲያዊ ሰደታ ከም ዝጸደገ ተገሊጡ ኣሎ፡፡

ዲፕሎማሲያዊ ተንተንቲ ኣብ ዝዘውዎ ርኢይቶ፡ ኣብ ሸነዝዌላ ለውጢ ክመጽሉ ዝኽእል ግዜ ክፈውሕ ከም ዝኽእል ብራዚል ከይገመተት ከምዝይተርፍ የረድኡ፡፡ ሓደስ ሰብ መዚ እውን ሃገርም ንጀዋን ጓይዶ ብታህዋኽ ደጊፉ ዝገለጽት ኩይኑ ከም ዝሰምዎም ሮይተር የረድኤ፡፡

ሰሶ ካብ ካበነ ብራዚል ወተሃደራዊ መካኒዝምት ከም ምኳናም፡ ፕፕረዚደንት ሸነዝዌላ ሽግሳስ ማዳሮ ምሕር ምፍትታን ናብ ብራዚል ሰዋር ዶብ ክከየ ዝኾኑል ዘይምርግጋእ ምዕዋም ከይኣወን ሰዋኦት ከምዝሰዎም ጸብጻባት የረድኡ፡፡ ሽግሳስ ማዳሮ ብቕዓሉ ከምዝደለዎስ ዝኣምኑ ኣዘዝቲ ሰራዊት ብራዚል፡ ማዳሮ እንተተኣልየ እውን ጀዋን ጓይዶ ፕረዚደንት ክኸውን ከምዝኽእልን እታ ሃገር ኣብ ትሕቲ ኣዘዝቲ ሰራዊት ከም እትወድቕን ይግምቱ፡፡

ዶብ ሸነዝዌላን ብራዚል ንኣስታት 3 ወርሒ ተዓጽዩ ድሕሪ ምቕናይ፡ ኣብዚ ቐንያት ተኸፊቱ ኣሎ፡፡ ምስ ሸነዝዌላ ዝዓወብ ክፍሊ ሃገራት ብራዚል ካብ ሸነዝዌላ ዝረኸቦ ዋስዚ ኣሊኣትኣ ክቐጽል ሰብ መዚ ብራዚል ኩኑታት የጣየቡሉ ከም ዘሎዉ እውን ተፈሊጡ ኣሎ፡፡

ኣብ ብራዚል ዝጀንሐ ናይ መምጽኢ ሸነዝዌላ ኣምባኒ ከም ቀደሙ ስርሑ ይቐጽል ከምዝሎ ይፍለጥ፡፡

ኢራን ብኣመሪካ ንዝቐረበላ ጻውዒት ዘተ ብጥርጠራ ትጥምቶ

ኣመሪካ ምስ ኢራን ክትዘራረብ ከምኣትደለ ኣብ እትገልጸሉ ዘላ እዋኑ ኢራን እቲ ጻውዒት ብኽፉት ልቢ ዝተጠበሰ ከምዚቀብሎ ሓቢራ፡፡

ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማይክ ፖምፕዮ፡ ሃዙ ነቲ ምስ ኢራን ኣጋጠመዋ ዘሎ ዘይምቅዳው ንምፍታሕ ክትዘራረብ ከምኣትደለ ገሊጹ፡፡ "ኢራን ከም ንብር ክትቀይድ እንተጀሚራ ፍልልያላ ኣብ ጣወላ ክገሪሕሉ ኻኣል ኣና" ዝበለ ፖምፕዮ፡ እታ ሃገር ዝኸፈ ቅድመ ኩነት ከቐረበት ክትዘራረብ ድልዉቲ ምስኣትኸወን ኣብ መንበ ክልተኣን ሃገራት ዝርርብ ክቀይድ ከምዝኽእል ኣረዲኡ፡፡

እንተኸፈ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓሰስ መሓመድ፡ ነቲ ብኣመሪካ ዝቐርብ ዘሎ ዕድመ ንዝርርብ "ብሓደገኛ መልክዕ ዝዓለመ ዘሎ ሕብእ ኣጆንዳ" ክብል ገሊጾዎ፡፡ ብኣመሪካ ዝቐርብ ዘሎ ጻወዒት ዘተ "ናይ ቃላት ጻወታ" ምኳኑ ብምግላጽ ድማ ሃዙ ከምእተሓጽገ ኣፍሊጡ፡፡

ፕረዚደንት ኢራን ሓሰን ሮሓኒ ብወኑ፡ ኣመሪካ ዘይቅድመ ኩነታዊ ዝርርብ ክቀይድ ምጽዋኑ ዝጽንዓት ሃዙ ዘንጸባርቕ ከምዝኾነ'ዩ ገሊጾ፡፡ እቲ ፕረዚደንት ኣብቲ ናብ ዜጋታቱ ዝቐንዐ ሓቢሬታኡ፡ "ጸላኢ ቅድመ ኩነት ከቐርብ ኣኽሊሑ፡ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ከጥቅዕና'ውን ታህዲድ ገይሩ ሕጂ ግን ወዲ ከምዘይደሊ'ዩ ዝገልጽ ዘሎ፡ እዚ ድማ ንጽንዓትና ከምዝኸሪ'ዩ" ኣሊ፡፡

ሓሰን ሮሓኒ፡ ኣመሪካ ናብቲ ብዙሕ ፍቓዳ ዝኸፈሉሉ ነፃኢ ወሰል ክትምለስ ከምዝሐዋ'ዩ ዝገልጽ፡፡ እቲ ኣብ 2015 ዝተፈጠረ ኣለ ሓደ ሮሓኒ ኣመሪካ ዝኸፈሉ ዝነበሩ ሓለፋ ዝኸፈሉ ነፃኢ ወሰል ከምዝሰሓጉ ከምዝሐዋ'ዩ ዝገልጽ ዘሎ፡ ዝኾነ ሆኖ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙና ኢራን ብኣመሪካ ዝቐረበላ ጻውዒት ዘተ ብጥርጠራ ትጥምቶ ከምዘሎ ገሊጾ ኣሎ፡፡

ጀርመን ፍርያት ህዋወይ ከይትጥቀም ኣመሪካ ተዘኻኽር

ኣብዚ ቐንያት ምስ መሪሕቲ ጀርመን ክስዘብ ዝጀመረ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማይክ ፖምፕዮ፡ ፍርያት ቻይና ዝኸፈ መጋበት ሰይኑ ኣቦ መራኽቦታት ህዋወይ ከይጥቀማ ከም ዘዘኻኽሮ ተሓቢሩ፡፡

እቲ ኣመሪዋ ቦል ሰልጣኔ ዝኸፈት ሃገር ናይ ካልእ ሃገር ፍርያት ቴክኖሎጂ ከስጥዋም ማሳል ከምዝለዎ ድሕሪ ምግላጹ፡ ጀርመን መጋበት መራኽቦ እስጥዋሙሉ ቴክኖሎጂ ኣተኣማማኒ ምስ ዘዋህወን ግዜ ኣመሪካ ብዘዝ ወልቂ ሰዓት ሮስን ሓፈሻዊ ጸጥታ ሃገር ዝሞጋገት ሓቢሬታ ካብ ምልውዋጥ ከም እትቕጠብ ኣረዲኡ ብምግል ርዮተር ኣቃሊሑ፡፡

ንኡ ብዘወኸኪ "ናይ ድልዩዩም ቴክኖሎጂ ከስዋሙ ልኡላዊ ማሳስያም እዩ፡ ንሕና ደማ እቲ ከምጸእ ዝኽእል ሳህን ኣቐዲምም ክፈልጡ ንሕብሮም ኣና" ኣሊ፡፡ ህዋወይ ኣብ ቻይና ዝመደቡሉ ኣፍሪቓ ቴክኖሎጂ መራኽቦታት ዘዘኣታትዎ ዘሎ ሓዋሚይ ወስዶ (5G) ምህበል መጋበብ ቻይና ንልኡት ሃገራት ዝሞጋገት መጻኢ ጊዜ ከም እትጥቀሙሉ ካብ ኣመሪካ ጥርጣሬታት ክዘርንሕ ምጽንሑ ይፍለጥ፡፡ ሓመሚይ ወስዶ ህዋወይ ናይ ሰለዩ ቴክኖሎጂ ከምዝኾዎ ዘረደኣ ጭብጢ ግና ክህብ ሕጂ ከምዘይቀረበ ይፍለጥ፡፡

ትኳል ህዋወይ ምስ መንግስቲ ቻይና ርኽበ ዘይብሉ ናጻ ብኽእሊ ከብጺዩ ምኳኑ ክልጽ ከምዘኽእሎ ይፍለጥ፡፡ ቴሌፎን ህዋወይ ብዘርንሕ ተጠቃምት ኣብ ዓለም ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘ ነኸወን እኳ ሉ፡ እቲ ከብጺዩ ዘኽእሎ ደረጃ ዝሓዘ ነኸወን ንኢራን ጥራይ ከምዝብሕ ብምግላጽ ንሃሩ ካብቲ ኣቐዲማ ዝኸተመሉሉ ወሰል ከምዝወጽኦ ይፍለጥ፡፡

ኣብዚ እዋንዚ ኣብ መንነ ኢራንን ኣመሪካን ተኸሲቱ ዘሎ ሓያል ወዋሪ ናብ ወተሃደራዊ ረጃሚ ከይምዕበል ዘሎዎ ምኳኑ ሓያሎ ወኪት የረድኡ፡፡

ተረኛ ፋርማሲ	ዕለት	ጎደና	ቁ.ስልኪ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሰብ	4/6/2019	ጎደና ኣፍዓበት፡ ቁ.105፡ ከባቢ 2ይ መደበር ፖሊስ (ካርሽሊ)	123105

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services